# ባህሊ ቋንቋ ሕብረተሰብ

## ተራ ቋንቋ ኣብ ሕብረተሰባዊ ምዕብልና፡

ክፍለማርያም ሓምደ

ሃገራዊ ዘተ ቋንቋታት ኤርትራ
16-19 ነሓሰ 1996
ኣስመራ ኤርትራ

1. መእተዊ 1

1.1 ዓላማ ጽሑፍ
1.2 ስነ-ኣገባብ ጽሑፍ
1.3 ኣተኣኻኽባ ሓበሬታ
1.4 ደረት ጽሑፍ
1.5 ኣቀራርባ ጽሑፍ

2. ሕብረተሰብኣዊ-ምዕብልና 3

2.1 ትርጉም፡ እንታይ'ዩ ዝምዕብል
2.2 መዳያት (dimensions) ምዕብልና
2.3 ምምሕዳራዊ ደረጃታት ሃገራዊ ምዕብልና
2.4 ተራ ቋንቋ ኣብ ሕብረተሰብኣዊ ምዕብልና
2.5 ባህልን ዘመናውነትን

3. ኩነታት ቋንቋ ብሊንን ሃገራዊ-ምዕብልናን 8

3.1 ቋንቋ ብሊን
3.2 ፊደላት ብሊን
3.3 ስነ-ጽሑፍ ብሊን
3.4 ፍሉይ ኩነታት ቋንቋታት ኤርትራ ኣብ ዞባ ዓንሰባን ሃገራዊ ምዕብልናን

4. ንዘተ ዝቐርቡ ሓሳባት 14

# ፣. መእተዊ (Introduction)

"ባህሊ ቋንቋ ሕብረተሰብ" ኣብ ዝብል 'ተመስረተ ሓደ ወረቐት ክጽሕፍ ምስ ተዓደምኩ ነዚ ሰፊሕን ርእሱ ዝኸኣለን ሰለስተ ክፍልታት ጠሚሩ ክሕዝ ዝኽእል መእተዊ ናብ ምንዳይ ተበገስኩ።

ኣብ ስነ ሕብረተሰብ (ሶሻል ሳይንስ) ብምምርኳስ ክኣ እዚ ዝጽሕፎ ምስ እዋናዊ መደባት ሃገርና ዝኸይድ ከምኡ'ውን ቅድሚ ሕጂ ምስ መታን ክኸውን ቢለ "ባህሊ ቋንቋ ሕብረተሰብ ኣብ ዝብሉ ቃላት "ምዕብልና" ዝብል ራብዓይ ቃል ብምውሳኽ ነዚ ወረቐት'ዚ ክሰናዱ ክኢለ።(1)
መዳያት ምዕብልናን ደረጃታት ሃገራዊ መደባትን ብምዝርዛር ክኣ ቋንቋን ባህልን ሕብረተሰብን ብከመይ ከም ዝተኣሳሰሩ ተመልኪቱ ኣሎ። እቲ ማእከላይ ቦታ ሒዙ ዝርከብ ግን ሕብረተሰብኣዊ ምዕብልና እዩ።እቲ ዝምዕብል ሰብ እዩ። ሰብ ምስ ሰቡን ሕብረሰቡን እምበር ንበይኑ ኣይኮነን ሃገራዊ ምዕብልና ዘካይድን ዘማዕብልን። ኣብዚ ኸኣ ተራ ቋንቋን ትምህርትን ወሳኒ ቦታ ይሀልዎም። ትምህርቲ ከም ሕብረተሰብኣዊ ትካል መጠን ባህልን ቋንቋን ታሪኽን ሕብረተሰብ ናብ መጻኢ ወለዶ ዘመሓላልፍ እዩ። ካብኡ ሓሊፉ ውን ንባህልን ቋንቋን ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ለውጠ ን ምምሕያሽን ዘምጽእሉ መገዲ ይሰርዕ።

ኣብ ባህልን ቋንቋን ማሕበራዊ ምምሕያሽን ንዝግበር ጻዕሪ በየናይ መገዲ ከም ዝሰራዕ (ዘመናውነትን ባህልን) ተመልኪቱ ኣሎ። እቲ ብሃገር ደረጃ ይኹን ብዞባ ወይ ብዞንን ፍሉይ ቦታን ዝግበር መደባት ምዕብልና ክኣ ብዝተመዓራረየን ብዝተዛመደን መልክዕ ምስ ዝጐዓዝ ትግባረኡ ኣድማዒ ይኸውን። ምዕብልና ብርእሱ ከም ሓደ ሕብረተሰብኣዊ ምንቅስቓስ እንክርእ፡ እቲ ሕብረተሰብ ሓደ ክፍልታቱ እንክቀሳቐስ እቶም ካልኦት ግን ክቆሙ ምስ ዝርከቡ ምዕብልና ይኽእል። ቁጠባውን ፖለቲካውን ሕብረተሰብኣውን ከም መዳያት ሃገራዊ ምዕብልና መጠን ማዕረ-ማዕረ ክጐዓዙ ይግብኦም። እንተ ዘይኮነ ዘምባል ምዕብልና ይኸውን። ነዚ ዝበልክዎ መረዳእታ ክኸውን ክኣ ኩነታት ቋንቋ ብሊንን ሃገራዊ ሕብረተሰባዊ ምዕብልናን ብምትንታን ንዘተ ዝቐርቡ ሓድሓደ ሓሳባት ቀሪቦም ኣለዉ።

## 1.1 ዓላማ ጽሑፍ (objective of the paper)

እዚ ወረቐት እዚ ሰለስተ ዓላማታት ዝሓዘ'ዩ። መጀመርያ ባህልን ቋንቋን ሕብረተሰብ ብኸመይ ይምዕብሉ፤ ይልወጡ፤ እንታይከ ርክቦም ንዝብል ሕቶ ምትንታን'ዩ። ሕብረተሰባዊ ለውጥን ምዕብልናን ንምምጻእከ ትምህርቲ እንታይ ግደ ኣለዎ፤ ዝብል ሓተታ ኣሎ።
ካልኣይ ኣብዚ ቀዳማይ ሓተታ ኣብ ዝተገብረ ትንተና ብምምስራት ኣብ ምዕብልና ኩነታት ሃገርና ብምምላስ "ኩነታት ቋንቋ ብሊንን ሃገራዊ ምዕብልናን" ኣብ ዚብል ርእሲ ተመርኲሰ ቋንቋ ብሊን ሎሚ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃን ኣብ ሃገራዊ መደብ ምዕባለ ከመይ ዓይነት ቦታ ክህልዎ ከም ዝኽእልን ምግላጽ።
ሳልሳይ ዓላማ፡ ንዘተ ዝቐርቡን ንብድሕሪ ሕጂ እንታይ ዓይነት መጽናዕትን መደብን ክግበር ከም ዝከኣል ምምልካትን።

## 1.2 ስነ-ኣገባብ ጽሑፍ (Methodology)

ናብዞም ዝተጠቕሱ ዓላማታት ንምብጻሕ ዝተኸተልክዎ መንጽር (perspective) ዝተመሓየሸ ርተባዊ መስመር (structural functionalism) ኢዩ። ኣብቲ ዝገብሮ ትንተና ብግልጺ ዘይረኣይ ሓሳባት እንተለዉ እቲ ርድኢት ሕብረተሰብ ናይ'ዚ መንጽርዚ ኣቐራርባ (assumption) ዘንጸባርቕ ይኸውን። ኣውራ ትሕዝቶኡ ከምዚ'ዩ።(2)
ዝኾነ ይኹን ሕብረተሰብ፡ ትካል፡ ድርጅት፡ ኩባንያ ወይ ስድራ ከም ሓደ ምሉእ ኣካል ኮይኑስ ኣብ ውሽጡ ነፍሲ-ወከፍ ሓደ ፍሉጥ ተግባር (ርተባ) ዝፍጽሙ ክፍልታት ዝጠርነፈ ኢዩ። ሕብረተሰብ'ውን ብዝተፈላለየ ደረጃታቱ ከም ሓደ ምሉእ ኣካል ስለ ዝሕሰብ ይንቀሳቐስ፡ ይዓቢ፡ ይጐድል፡ ወይ ይደክም።፡ ቋንቋን ባህል ብዝምልከት'ውን ከምኡ ሓደ ቋንቋ ከም ምሉእ ኣካል ክርአ ከሎ፡ ዝተፈላለዩ ነፍሲ ወከፎም ፍሉጥ ተግባር ዝፍጽሙ ክፍልታት ኣለዉዎ። ሰዋስው ስነ-ድምጺ፡ መዝገበ-ቓላት ወዘተ። ሓንቲ ሃገር ከም ምሉእ ኣካል ክሕሰብ ከላ'ውን ከምኡ ኢዩ።

ካልኣይ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ኣካል ነቲ ክፍጽሞ ዝተመደበሉ ወይ ዝተፈጥረሉ ተግባር (ርተባ) መታን ክፍጽም እቶም ካልኦት ውን ብተራኦም ማዕረ-ማዕረ ክሰርሑ ምስ ዝርከቡ ጥራይ ይኸውን። ሓደክፍሊ እንተ ሓመቐ ኩሉ እቲ ኣካል ይጎተት። ነዚ ስነ-ኣገባብ እዚ ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ክንጥቀመሉ ንኽእል። ስድራ-ቤት፡ ድርጅት፡ ሕብረተሰብ፡ ቋንቋ፡ ትምህርቲ፡ ባህሊ፡ ወዘተ፡ ኩላቶም ክፍልታት ማዕረን ብዝተመዓራረየን መገዲ ወይ ስርዓት ምስ ዝሰርሑ ጥራይ እቲ ሓባራዊ ረብሓ ክርከብ ይኽእል። እዚ ኪኸውን ግና ከባቢ'ቲ

ምሉእ ኣካል ጥጡሕ ከኸውን ይግባእ። ኣብ ዚስዕብ ክፍሊ ጽሑፈይ ከአ ብግሉጽ ወይ ብርዱእ መገዲ እዚ መንጽር'ዚ ኣሎ።

ኣተኣኻኽባ ሓበረታ፡

እዚ ወረቀት'ዚ ኣብ ካልኣውያን ምንጭታት ዝተመስረተ ኢዩ። ንቋንቋ ብሊን ብዝምልከት ግን ቅድሚ ሕጂ ባዕለይ ኣብ ዝገበርክዎ መጽናዕቲ ስለ ዝምርኰስ ንኡ ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ኣለዎ።

## 1.3 ደረት ጽሑፍ

እዚ ወረቀት እዚ ንዘተ ዝተሰናደወ ኢዩ። ከምዚ ክኸውን ከሎ ግን ጽግቦ ሓሳባት እምበር ዝርዝር ሰፊሕን ብዘይ ምኽኑ ሓድሓደ ሓሳባት ትርጉም ከይተዋህቦም ተጠቂመሎም ኣሎኹ። ንኣብነት፡ ሕብረተሰብ ምስ ባህልን ቋንቋን ርከቡ ከመይ፤ ወይስ ትምህርቲ ንናይ ባህልን ቋንቋን ሕብረተሰብን ምዕብልና እንታይ ተራ ይጻወት ንዝብሉ ኣብኡ ከለኹ ከም ዝራኸቡ ወሲደዮም ኣሎኹ።

ካልኣይ ደረት'ውን ኣሎ። ትሕዝቶ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ቅድሚ ሕጂ ብእንግሊዝኛ ዝተጻሕፈ እኳ እንተኾነ ከምዚ ዓይነት ጽሑፍ ብትግርኛ ምቅራብ ንመጀመርያ ግዜ ስለ ዝኾነ ዝኾነ ይኹን ዘይርዳእ ሓሳባት ወይ ኣቀራርባ ብመንጽር'ዚ ሽግር'ዚ ክርአ ከም ዝግብእ የዘኻኽር።

## 1.4 ኣቐራርባ ጽሑፍ

ኣብዚ ዚስዕብ ክፍሊ ወረቀት ብዛዕባ እንታይነት ምዕብልናን መዳያቱን ደረጃታቱን ብምትንታን፡ ቋንቋን ባህልን ሕብረተሰብን ብኸመይ ይዛመዱን ይተኣሳሰሩን። ኣብ መደብ ሃገራዊ-ምዕባለ ከአ ብኸመይ ክሰርዑ ከም ዝኽእሉ ተመልኪቱ ኣሎ። ብፍላይ ተራ ቋንቋ ኣብ ባህላውን ሕብረተሰብኣውን ምዕብልና ማእከላይ ቦታ ከም ዘለዎ ተገሊጹ ኣሎ።

ኣብ ዚስዕብ ክፍሊ ወረቀት ከአ፡ ካብ ቋንቋታት ኤርትራ ሓደ ብምውሳድ ሎሚ በጺሕዎ ኣሎ ደረጃን ኣብ ሕብረተሰብኣዊ ምዕብልና ክህልዎ ዝኽእል ተራን ከም ኣብነት ቀሪቡ ኣሎ።

ኣብ መጨረሻ ንዘተ ዝቀርቡ ፍሉያት ሓሳባት ኣለዉ።

ትርጋጽ (footnotes)

1 ቅድሚ ሕጂ ኣብ ስቶክሆልም ዩኒቨርሲቲ ትካል ዓለምለኻዊ ትምህርቲ ዝበሃል ኢንስቲትዩት ካብ ዘቕረብኩዎ ዝተዋጽአ ጽሑፍ'ዩ።

2 G. Burell and G. Morgan (1979)

# 2. ሕብረተሰብኣዊ ምዕብልና

## 2.1 ትርጉም

ምዕብልና ምምሕያሽ ናብራ ሰባት ዘመልክት ሰንሰለት ለውጢ ኢዩ። ዝኾነ ይኹን ለውጢ ናብ ምዕብልና ዘምርሕ'ዩ ግን ክንብል ኣይንኽእልን። ምዕብልና ምምሕያሽ ዘኽትል ስጉምቲ ክኸውን ከሎ፡ ለውጢ ብመሰረቱ ንቅድሚት ወይ ንድሕሪት ገጹ ዝኸይድ ክኸውን ይኽእል። ሓደ ሕብረተሰብ ማዕቢሉ ዝበሃለሉ መለክዒታት ስለ ዘለዉ ከኣ ብኣንጻርቲ ኣቐዲሙ ዝወጸ ፖሊሲ ለውጢ ንምዕብልና ገጹ ዘምርሕን ዘይመርሕን ምምዛን ይከኣል። ኣባላት ሓደ ሕብረተሰብ ኩነታት መነባብርኦም ክመሓየሽ ከሎ ንቅሓትን ትምህርትን ምስ ዝሰፍን ብዕዮን ብተክኒካዊ መዳይን ንቅድሚት ዝደፍእ ስጉምትታት ክህልዉ ከለዉ'ቲ ሕብረተሰብ ብመጠኑ ክምዕብል ይርከብ። ኣብ ሕብረተሰብ ትርጉምን ኣቐራርባን ምዕብልና ብዝምልከት፡ ዝተፈላለዩ ሓሳባትን መንጽራትን እኳ እንተ'ለዉ ኣብዚ ዝግድሰና ክልተ ዝጨናፍሩ ዓይነት ምዕብልና ኢዩ።(1)

መጀምርያ ኣብ መንጎ ምዕብልና ውልቀ-ሰብን (ሰብኣዊ ምዕብልና) ምዕብልና ሕብረተሰብን ዘሎ ርክብ ዝምልከት ይኸውን። [ስእሊ 1]

ካልኣይ ከኣ፡ ብሃገር ደረጃን ኣብ ዝተወሰነ ከባቢን፡ ዓዲ ወይ ዞና ዝርከብ ምዕብልና ብዛዕባ ሓደ ውልቀ-ሰብ ክዓብን ክበስልን ክምዕብልን ዝሓልፎ መስመራት-ህይወትን ስጉምትን ዘመልክት ኢዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ኸኣ፡ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ምዕብልና ውልቀ-ሰባዊ ሰረት እንተ ዘይብሉ፡ ዝተመሓየሸ ናብራን ሕብረተሰብኣዊ ምዕብልናን ከኸትል ከም ዘይክእል ናብ "ሰብ ዝጥምት ምዕብልና" (Human centered development) ዝበሃል ምህሮ ይድግፍ።(2) እቲ ዝምዕብል ሰብ ኢዩ፡ ሰብ ክምዕብል ምስ ዝርከብ ጥራይ ከኣ ኢና ብዛዕባ ሕብረተሰብኣዊ ምዕብልና እውን ክንዛረብን ክንግደስን እንኽእል። ብዙሓት ተመራመርቲ ከም ዝተገንዘብዎ(3) ሰብኣዊ ምዕብልና ኣርባዕተ ኣገደስቲ ኩነታት ዝሓዘ ኢዩ።

ርእሰ-ተኣማንነት፡ ተሓባባርነት፡ ፍልጠት፡ ጥበብን ኢዮም።

ሓደ ብርእሱ ዝተኣማመን ሰብ፡ ብገዛእ ርእሱን ከባቢኡን ይግደስ። ስርሑን ኣተሓሳስባኡን ናብ ዝደለ ዓላማ ከምርሕ ይኽእል። ዝመደቦ ነገር ክከታተልን ክተግብርን ኣይብርትዖን'ዩ። ርእሰ ተኣማንነት ክጐድሎ ምስ ዝርከብ ግን፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሓሳባቱን መደባቱን እናለዋወጠ ንፋስ ብዝነፈሶ ክለዋወ ስለ ዝርከብ፡ ዘየድሊ ጐልበትን ሓይልን ክውጽእ ይኽእል። ሰብ ግን ሽሕ'ኳ ብርእሱ ዝተኣማመን እንተኾነ፡ ክዓብን ክበስልን እንተደኣ ኾይኑስ መማዕብልቱን መናብርቱን ካልኦት ሰባት ስለ ዘለውዎ እቲ ጻዕሪ ናይ ግድን ማሕበራዊ ጠባይ ስለ ዘሎዎ ነዚ ንምግባር ድማ ካልኣይ "ተሓባባርነት" ዘለዎ ክኸውን ይግባእ። ህይወት ሰብ ሽሕ'ኳ ውልቃውያን መዳያት እንተለ'ውዎ ብመሰረቱ ማሕበራዊ ኢዩ። ሳልሳይ ድማ ብለባዊ መስመር (rational) ብሓባር ምስ ካልኦት ሰባት ክምዕብል እንተድኣ ኮይኑ፡ ገዛእ ርእሱን ከባቢኡን ዓለምን ክለልየሉ ዝኽእል ፍልጠት የድልዮ። ርእሰ-ተኣማንነትን ተሓባብርነትን ፍልጠትን ግን ንበይኖም እኹላት ኣይኮኑን። ብርእሱ ዝተኣማመን ተሓባባሪን ከባቢ ዝፈልጥን ሰብ እውን ነዞም ሓይልታት እዚኣቶም ብኸመይ ከም ዝጥቀመሎምን ኣብ ዕለታዊ ናብርኡ ከም ዝግንዘቦምን ምኽኣል የድሊ። ጥበበኛ ወይ ለባም ሰብ ንፍልጠቱን ሰብኣዊ ኣዎንታዊ ሓይልታቱን ብኸመይ ከም ዝጥቀመሎም ስለ ዝፈልጥ ከኣ "ምዕቡል-ሰብ" ክበሃል ይከኣል። እዚ ክሳዕ ሕጂ ዝበልክዎ ኣብ ውልቂ-ደረጃ ኢዩ። ሰብ ከኣ እንታይ ዓይነት ፍልጠትን ርእሰ-ተኣማንነትን ተሓባባርነትን ልብን ክህልውዎ ከም ዝኽእሉ ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ናናቱ መገድን ኣሰራርሓን ኣለውዎ።

ሓደ ሰብ ከመይ ኢሉ ቁጠባዊ ማሕበራዊ ወይስ ፖለቲካዊ ህይወቱ ምስ ናይቲ ሕብረተሰብ ባህሊ ኣጣሚሩ ክዕብዮ ከም ዝግብኦ ዝሕግዝዎ ሕብረተሰባውያን ትካላት(4) (social institions) ኣለዉ። እቲ ኣብ መንጎ ውልቀ-ሰብን ሕብረተሰብን ዘሎ ሰንሰለት ድማ ብትካላትን ብልሙድ ኣሰራርሓን (ባህሊ) ዝተኣሳሰረ ይኸውን። እቲ ሰብ ጥዑይን ብሱልን ምሁርን ርእሱ ዝኽኣለን መታን ክኸውን ደገፍ ሕብረተሰብ ከም ዘድልይዎ ዘከራኽር ኣይኮነን። ኣብዚ'ውን ምዕብልና ካብ ደረጃ ውልቀ-ሰብ ናብ ሕብረተሰኣዊ ምዕብልና መታን ክሰጋገር ሃገራት ዝጥቀማሎም ዓይነት መደባት ምጥቃስ ዝ. .ል ይመስለኒ። ካብቲ ሃገራት ብኣውራ ዘተኵራሉን ዝጽዕራሉን ደገፍ ትምህርቲ ኢዩ። ሓደ ሰብ ርእሱ ዝተኣማመን ዝተሓባበር ብዛዕባ ገዛእ ርእሱን ከባቢኡን ዝኣክል ኣፍልጦ ዘለዎ ከምኡ'ውን ብብልሓትን ብጥበብን ህይወቱ መታን ክመርሕ ትምህርቲ ከም ቀንዲ መስርሒ ይግምት።(5) እቲ ሕብረተሰብ'ውን ዝኾነ ይኹን ቈልዓ ብርእሱ ዝተኣማመን ኮይኑ ምስ ካልኦት ሰባት ቁጠባውን ፖለቲካውን ማሕበራውን ጉዳያት ብብቑዕ መገዲ መታን ክካይድ እቲ ዝመሃር ቈልዓ ኣቐዲሙ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱን ከባቢኡን ባህልታት ሕብረተሰቡን ክግንዘብ ከም ዝግብኦ የተባብዖ።

ብዛዕባ ባህልኻን ሕብረተሰብኣዊ ኣነባብራ ከባቢኻን ብዝምልከት ነቲ ዘድሊ ከተማዕብሎ ነቲ ዘየድልየካ ክትገድፎ እንተድኣ ኴንካ ግና እቲ እትረኽቦ ትምህርቲ ብቛንቛኻን ኣብ ባህሊ ሕብረተሰብካን ዝተመስረተ ምስ ዝኸውን'ዩ እቲ ኣገዳስነት ቛንቛን ባህልን ከኣ ኣብዚ ነጥብ'ዚ ይራኸቡ። ብሱል ሰብ ንምፍጣር ናተ

ኣግዲፍካ ወይስ ነቲ ባህልታቱ ኣነኣኢስካ ዘይኮነስ ባህልታቱን ቋንቋኡን ብምምዕባልን ብምዕባይን ኢዩ።(6) ባህልን ቋንቋን ብተፈጥሮኦም ሕብረተሰብኣውያን ሃብቲ ኢዮም።ሃብቲ ብምዃኖም ከኣ ኣብ ትምህርቲ'ውን ብኣም ንጅምር። ፖሊሲ ትምህርቲ ግዜያዊ መንግስቲ ኤርትራ ብ1991 ኣብ ዘውጽኦ ኣዋጅ እውን ነዚ ነጥቢ'ዚ ዝድግፍ ዓንቀጽ ኣሎ።(4: 1) ናጻ ትርጉሙ ከምዚ ኢዩ።

"ቋንቋ ንሓሰባትካን ስምዒትካን እትገልጸሉ ስርዓት (ሲስተም)'ዩ። ቋንቋ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ሕብረተሰብ ሓንቲ ሃገር ዝረዳፍኡሉን ዝራኸብሉን መሳርሒ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ነቲ ኣብ መንጎ ቋንቋታትን ባህልታትን ዝርከብ ጋግ ንም ብርቱዕ ክንሰርሕ ኢና። ከምዚ ንምግባር ከኣ ኩላቶም ብሄራት መባእታ ትምህርቲ በብቋንቋኦም ንኽከታተሉ ክግበር እዩ። ነቶም ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ከኣ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተጀመረ ኣጸሓሕፋ ላቲን ብምጥቃም ክንቅጽሎ ኢና" ይብል።

ቋንቋን ባህልን ሕብረተሰብን ከመይ'ሎም ብትምህርቲ ከም ዝተኣሳሰሩ ብሩህ መረዳእታ ኢዩ። ኣውራ ቖላሕታና ናብ ሰብ ምስ ዝኸውን ምዕብልና ሰብኣዊን ሕብረተሰባውን መልክዑ ከመይ ብትምህርቲ ክተኣሳሰር ከም ዝከኣል ኣመልኪትና። እታ ሃገር እትምዕብልከ እዚ ኣኻሊ ዲዩ፧ ንዝብል ሕቶ ብኣሉታ ብምምላሽ ከኣ ናብ መዳያት ምዕብልና እሰግር።

## 2.2 መዳያት ምዕብልና

ንናይ ውልቀ-ሰብ ጠመተ ገዲፍና ሓንቲ ሃገር ንክትምዕብል ክንደይ ክፍልታት ምዕብልና የድልያ፧ ዝብል ሕቶ ኢዩ። እዚ ብጉጅለን ብውልቅን ክርአ'ኳ እንተ ተኻእለ ንናይ ሓንቲ ሃገር መደብ ምዕብልናን ፖሊሲኡን ደረጃ ዝምልከት ይኸውን።

ብሓፈሻ ሃገራዊ ምዕብልና ሰለስተ ዝተኣሳሰሩን ዝተሓላለኹን መዳያት ኣለዉዎ። ቁጠባዊ ፖለቲካዊ ከምኡ'ውን ሕብረተሰብኣዊ ኢዮም። እቲ ኣብ ላዕሊ ካብ ውልቀ-ሰብ ናብ ሕብረተሰብ ገጹ ዝተንተናዮ ዓይነት ምዕብልና ዝለዓለ ደረጃኡ ሕብረተሰብኣዊ ምዃኑ ተገሊጹ'ዩ። ሕብረተሰብኣዊ ምዕብልና ከኣ ቋንቋን ባህልን ዝጠርነፈ ይኹን'ምበር ንበይኑ እኹል ኣይኮነን። ሃገራዊ ምዕብልና ብቁጠባውን ብፖለቲካውን መዳያት እውን ክማላእ ዘለዎ ኢዩ።(7) [ስእሊ-2]

ሃገራዊ ምዕብልና ብኹሉ መዳያት ብትኽክል ዝካየድ ጉዕዞ ኢዩ።ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝበልክዎ ትምህርቲ ኣብዚ'ውን እቲ ወሳኒ ተራ ዘለዎ ሕብረተሰብኣዊ ትካል'ዩ። ሓንቲ ሃገር ሽሕ'ኳ ቁጠባዊ ሽግር እንተ ዘይብላ ፖለቲካውን ሕብረተሰብኣውን መዳያት ማዕረ-ማዕረ እንተ ዘይተጓዒዞም ዝተመዓራረየ ሃገራዊ ምዕብልና ክህሉ ከም ዘይኽእል ካብ ተመኩሮ ብዙሓት ሃገራት ክንርዳእ ንኽእል።(8) ብቁጠባዊ መዳይ ጥራሕ ምምዕባል (ማለት ገንዘብ) ብዘይ ማዕርነትን ናጽነትን ምዕብልና ኣይኮነን። ፖለቲካዊ ናጽነት'ውን ዘይማዕርነታዊ ኩነታት ሕብረተሰብ ዘይቃለስ እንተድኣ ኮይኑ ምዕብልና ከኸትል ኣሸጋሪ ኢዩ። ከምኡ'ውን ሓንቲ ሃገር ምዕቡል ባህልን ቋንቋን ኣልዮምዋ ብድኽነትን ብፖለቲካዊ ኩነታትን እትሳቀ እንተድኣ ኮይና ዝተመዓራረየ ሃገራዊ ምዕብልና ክህሉ ኣሸጋሪ ኢዩ። ቁጠባውን ፖለቲካውን ሕብረተሰብኣውን መዳያት ምዕብልና እውን ምስ ሰብኣዊ ምዕብልና ክተኣሳሰሩምስ ዝርከቡ ሃገራዊ ምዕብልና ንናይ ሰብ ህይወት ማእከላይ ቦታ ክትሕዝ ይርከብ።

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ ፖሊሲ ቁጠባውን ሕብረተሰብኣውን ፖለቲካውን ዓላማታትን ዝትግበሩሉ መገዲ ሓፈሻዊ መስመር ብምሕባር ክኸውን ከሎ ኣብ ደረጃ ውልቀ-ሰብ ምስ በጽሐ ተሳትፎ ንቁሕ ዜጋ ኣብ ምትግባሩ ወሳኒ ተራ ከም ዘለዎ ብሩህ'ዩ። ተሳትፎን ተወፋይነትን ክህልዉ ግና ኩላቶም ኣባላት ሕብረተሰብ ነቲ መደባት ፖለሲን ክርድእዎን ክኣምንሉን ከኣ ምስቲ ጠቓሚ ኢሎም ዝግምትዎ ክፍልታት ባህሎምን ልማቶዶምን ከም ዘይጋጮ እንተድኣ ገሚቶም ጥራይ ኢዩ። እቲ ፖሊሲ ተረዲኦም ንክሳተፉ፡ ካብኦም ዝነቀለን ብላዕሊ ዝተደገፈን ክኸውን ከሎ ኢዩ። ኣብዚ ኸኣ ቋንቋ ወሳኒ ተራ ኣለዎ።

## 2.3 ምምሕዳራዊ ደረጃታት ሃገራዊ ምዕብልና

ዓላማታት መደብ ምዕብልና ኣብ ምትግባር ዘለዉ ደረጃታት ምዝርዛር እውን ነዚ ጽሑፍ'ዚ ተወሳኺ ርድኢት ክውሰኹሉ ይኽእል። ሓንቲ ሃገር መደብ ሃገራዊ ምዕብልና ክትሕንጽጽ ከላ፡ እቲ ፖሊሲ ኣበየናይ ቦታን ግዜን ደረጃታት ሃገርን ከም ዝግበር እውን ኣብ ግምት ይኣቱ። ፖሊሲ ኣብ ሃገር ደረጃ ድኣ ይውጻእ እምበር ዝትግበረሉ ቦታ ኩሉ ግዜ ኣብ ሓደ ውሱን ደረጃ ኢዩ። ንናይ ሃገርና ምምሕዳራዊ ደረጃታት እንተደኣ ከም ኣብነት ተጠቂምና፡ ሰለስተ ደረጃታት ኣለዉ። ሃገራዊ ደረጃ፡ ዞባዊ ደረጃ፡ ዓዲ(ዞን) ደረጃ ብስእላዊ መልክዕ ከምዚ ዝኸተል ይኸውን። (ስእሊ-3)

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝዘርዘርክዎ ሃገራዊ ምዕብልና ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃታቲ እንተ ዘይተመዓራረዩ እቲ ትግባረን ፖሊሲን ክይራኸቡ ይኽእሉ። ዝኾነ ይኹን መደብ ሃገራዊ ምዕብልና (ከም ቋንቋ ትምህርቲ) ናይተ

ዝትግበረሉን ዘባን ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው'ዩ ክትግበር ዝከኣል። ሓንቲ ሃገር ብዙሓት ቋንቋታትን ባህልታትን ምስ ዝህልዋ እቲ ሃገራዊ መደብ ከከም ቦታኡን ከከም ዘባኡን ብትኽክልን ብዝተመዓራረየን መገዲ ክተተግብሮ ይከኣል፣ ኣብ ሓደ ዘባ ብዙሓት ቋንቋታትን ባህልታትን ምስ ዝህልዉ እቲ ናጽነትን ማዕርነትን ቋንቋታት ብከመይ ሚዛናዊ መስመር ይሕሉ፣ ዝተፈላለዩ ቋንቋታትን ባህልታትን ናይ ዝተፈላለዩ ብሄራት ፍሉያት ምልክታት ክኾኑ ከለዉ፡ ብሓደ ወገን እቲ ሕብረተሰባዊ ምዕብልና ንቋንቋን ባህልን ኣተሓሳሰባን ሓደ ብሄር ብምዕቋርን ብምዕባይን ዝግበር ጻዕሪ የመልክት። ግንከ ብሃገራዊ ደረጃ እቲ ኣድላዪ ዘበለ ሚዛን ብከመይ ከም ዝሕሎ ንብዙሓት ሃራት ብፍላይ ኣፍሪቃ ዘገድስን ጉዳይ ኢዩ። ኣየናይ ቋንቋ ኣበየናይ ደረጃ (ዓዲ(ዞን) ዘባ ሃገር) ከም ዝሰርሕ ኣብቲ ዝወጽእ ሕግን መደብ ምዕብልናን ፍሉጥ ቦታ ይህልዎ። ብፍላይ ትምህርቲ ብዝምልከት።

## 2.4 ተራ ቋንቋ ኣብ ሕብረተሰባዊ ምዕብልና

ንናይ ሓደ ሕብረተሰብ ሓፈሻዊ ናብራ ንምምሕይያሽ ኣብ ዝግበር ወግዓዊ መደብ፡ ፍሉይ ኣተኩሮ ዝወሃቦ ቋንቋ ኢዩ። ብፍላይ ብዙሓት ቋንቋታት ዘለዉዋ ሃገር ነፍሲ ወከፍ ቋንቋ ኣብቲ ዝተፈላለየ ደረጃታት ሃገራዊ ምዕብልና ናቱ ፍሉይ ቦታን ተራን ከም ዘለዎ ምግባር'ዩ። መጀመርያ ኩላቶም ዜጋታት ሓንቲ ሃገር ዝረዳድእሉን ዝዋስኡሉን ወግዓዊ ቋንቋ ኣሎ። ኣብ ደረጃ ሃገር ንዝግበር ቅዋምን ኣሰራርሓን ወግዓዊ ዝኾነ ኩሉ ዝጥቀመሉ ቋንቋ'ዩ። ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ድሕሪ ናጽነት ንቋንቋ ገዛእተን ዝነበራ ሃገራት ከም ወግዓዊ ቋንቋ ክጥቀማ ይርከባ። እቶም ካልኦት ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ከኣ ዝተፈላለየ ዓይነት ተራ (ብሃገር ደረጃ ዘይኮነስ) ይህልዎም(9)

ተራ ቋንቋታት ኤርትራ ብዝምልከት እውን ትግርኛን ዓረብን ብሃገር ደረጃ እንክንጥቀመሎም፡ ካልኦት ቋንቋታት ኣብ ዘባዊ ይኹን ወረዳዊ ደረጃታት ነናቶም ተራ ኣለዎም። ከምኡ'ውን ሓንቲ ሃገር ኣብ ዓለም-ለኸ ደረጃ ኣብ እትገብሮ ርክባት ምስ ካልኦት ሃገራት ክትራኸበሉ እትኽእል ቋንቋ ትውስን። ብሓፈሻ ቋንቋ ኣብ ሃገራዊ ምዕባለ ዘለዎ ተራ ጥራይ ኣይኮነን ኣብዚ ዝግድሰና ትምህርታዊ ቋንቋ ኢዩ። ሓደ ቋንቋ ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ እንክኣቱ ዝተፈላለዩ ዓይነት ትምህርቲ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ምጥቃም ንምዕባለ እቲ ህዝቢ ዝድግፍ ኢዩ። እዚ ግን ነቶም ኣርባዕተ ብስለት-ሰብ ዝመዝኑ ሓይልታት (values) ቀዳምነት ብምሃብ ኢዩ። ቋንቋ ነፍሲ ወከፍ ብሄር ኣብ መባእታ ትምህርቲ ክኣቱ ኣለዎ ዝብል ፖሊሲ መንግስቲ እውን ነዚ ኣብ ግምት ዘእቱ ኢዩ ክብል እኽእል።

ተራ ቋንቋ ኣብ ምዕብልና ብመዳይ ትምህርቲ ጥራይ ዝተወሰነ ክኸውን የብሉን፡ ኣብ ሓንቲ ብዙሕ ቋንቋታት ዘለውዋ ሃገር ማዕርነትን ፍትሓዊ ኣሰራርሓን ንምርካብ ትምህርቲ እኹል ከም ዘይኮነ ብዙሓት ስነ-ሕብረተሰብ ዝመራመሩ ጸሓፍቲ ዝድግፍዎ ነጥቢ ኢዩ። ኣብዚ ንምብጻሕ እቲ ቋንቋ ዘገልግለሉ መዳያት እውን ሰፊሕ ኢዩ። ኣብ ትምህርቲ፡ ባህሊ፡ ፖለቲካ፡ ምምሕዳር፡ ረድዮን፡ ጋዜጣን ተለቪዥንን እውን ከገልግል ከሎ፡ እቲ ዜጋ ዝከኣል ሓበረታን ንቅሓትን ይረክብ። ተሳታፍነቱ ኣብ ሃገራዊ ምዕብልና ከኣ ዝለዓለ ክኸውን ይከኣል።[ንእሊ 4]

ሓደ ቋንቋ ዝተማልአ ሕብረተሰባዊ ኣገልግሎት ንምውፋይ ኣብዞም ዝተጠቕሱ ዓውድታት ምስ እንጥቀመሉ ኢዩ(10)። ካብ እዚኣቶም ብርግጽ ትምህርቲ ማእከላይ ቦታ ኣለዎ። እዚ ኸኣ ክልተ ምኽንያት ኣለዎ። መጀመርያ ባህልን ቋንቋን ሕብረተሰብ ናብ መጻኢ ወለዶ ዝመሓላለፍ ኣውራ መገዲ፡ ብስሩዕ ትምህርቲ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ተምሃራይ ብቋንቋኡ ክመሃር ከሎ ብስራትን ርእሰ-ተኣማንነትን ክሕድር ይኽእል። ብካልእ ቋንቋ ክምሃር ከሎ ግን ቋንቋ መሊኹ ብዛዕባ ነፍሱን ከባቢኡን ዝኣክል ርድኢት ክሳዕ ዘጥሪ፡ ብዙሕ ጻዕርን ግዜን ክወስደሉ ይኽእል።

ትምህርቲ ንባህል ኣተሓሳስባን ኣሰራርሓን ሕብረተሰብ ናብ መጻኢ ወለዶ ኣብ ምትሕልላፍ ዝተወሰነ ስርዓት ጥራሕ ኣይኮነን። ካብኡ ንላዕሊ ዝገልግሉ መገዲ ኣሎ። እዚ ከኣ ኣብ ምዕብልና ባህልን ኢዩ። ማሕበራዊ ኣነባብራን ባህልን ብትምህርቲ ይመሓላለፍ ይልወጡ'ውን። ግንከ ኣየናይ ክፍሊ-ባህሊ'ቲ ሕብረተሰብ ለውጢ ከም ዘድልዩ ኣየናይከ ከይለወጥካ ክተማዕብሎን ክትዓቕሮን ከም ዝግብኣካ መታን ክትፈልጥ ብዛዕባኡ እኹል ፍልጠት ሌላን ክህልወካ የድሊ። ነዚ ንምግባር ከኣ እቲ ባህሊ ዘገልግለሉ ቋንቋ ኣብ ትምህርቲ ክትጥቀመሉ ከሎኻ'ዩ። እዚ ኸኣ ርክብ ቋንቋን ባህልን ዘመልክት ነጥቢ ኢዩ። ቋንቋ ኩሉ ግዜ ክነዕብዮን ክንማዕብሎን ዘሎና ሃብቲ ክኸውን ከሎ፡ ኩሉ ዓይነት ባህሊ ግን ከምኡ ኣይኮነን። ክዓብን ክምዕብልን ዝግብኦ ባህሊ ኣሎ። ገሊኡ ብቕልጡፍ ገሊኡ ከኣ ቀስ ብቐስ ክምሓየሽ ዘለዎ ባህሊ'ውን ኣሎ። ኣየናይ ባህሊ ክዕቌርን ክምዕብልን ከም ዝግብኦ ኣየናይ ከኣ ክቕየር ወይ ክምሓየሽ ከም ዝግብኦ ግን ብሃሳሰ-ልቢ ዘይኮነስ ብመጽናዕትን ብምርምርን ዝተደገፈ ውሳነ ክ' አድላዪ ኢዩ።

በዚ ምኽንያት እዚ ከኣ ባህልስ፡ ባህሊ ጥራይ ስለ ዝኾነ ጒዳኢ ወይ ጠቓሚ ክንብሎ ኣይንኽእልን። ንምዕብልና ሕብረተሰብ ዘገልግል ዘበለ ኩሉ ጠቓሚ ባህሊ ኢዩ። እቲ ሕብረተሰብ ብርኡይን ብብዙሕን እኳ እንተ ዘይተጠቕመሉ ንገለ ስምዒታዊ ኩነታት ዘገልግል ክሳዕ ዝኸውን ንካልኦት ኣባላት ሕብረተሰብ ከኣ ክሳዕ

ዘይጐድእ ዝኾነ ይኹን ባህሊ ክዕቈር ኣለዎ፡ ኣብ መደብ ትምህርቲ ኣትዩ'ውን ክጽናዕ ይግብኦ። እቲ ባህሊ ዝትግበረሉ ቋንቋ ምጥቃም ክአ ኣብዚ ወሳኒ ምዃኑ ምድጋም ኣይደልን።

ብዛዕባ ባህሊ ሓደ ተወሳኺ ሓሳብ እውን ኣለኒ። ኩላትና ክም እንፈልጦ ገለ ዓይነት ባህሊ ብምሉእ እናለወጠ ምስቲ ኩነታት ሕብረተሰብ ዝግስግስ እንተድአ ዘይኮይኑ ውዒሉ ሓዲሩ ምቅያሩ ዘይተርፍ'ዩ። ንጥዕና ዝጐድእ ዓይነት ባህሊ ኩሉ ብቕልጡፍ ክቅየር ይግብኦ። መን 'ዩ ባህሊ ሕብረተሰብ ዝቅይር፡ መን ኢዩ ኸ ዝቈጻጸሮ ኣብ ዝብሉ ሕቶታት ክኣቱ እንተ ድኣ ኮይኑ ግን እቲ ዝምልከቶ ኣካል መንግስትን ህዝብን ኢዩ። እቲ መላሊሰ ዝብሎ ግን ኩሩዕን ብገዛእ ርእሱ ዝተኣማመን ሕብረተሰብ ንምፍጣር ባህሊ ኣድላዪ ክም ዝኾነ ኢዩ። ኣብ ላዕሊ ክም ዝገለጽክዎ ክአ ባህሊ ብስሩዕ ዝመሓላለፈሉ ሓደ መገዲ ትምህርቲ ክም ምዃኑ ኢዩ ኣብ ዝስዕብ ክፍሊ ጽሑፈይ ክአ ብዛዕባ ባህልን ምዕብልናን ቍሩብ ክሕንጽጽ እፈቱ።

## 2.5 ባህልን ዘመናውነትን

ዘመናውነት (modernity,modernization) ዝበሃል ኣተሓሳስባ ሓደ መስመር ሕብረተሰባዊ ምዕብልና ኢዩ።(1) እዚ መስመር-ምዕብልና'ዚ ንባህላዊ ዘበለ ኩሉ ክም ድሑር፡ ግዜያዊን ዘመናውን ዘበለ ኩሉ ክአ ክም ምዕቡልን ገስጋስን ይግምቶ። "ዘመናዊ-ባህላዊ" ዝበሃል ኣዘራርባ'ውን ኣብዚ ዝተመስረተ'ዩ። ምንጩ ስነ-ሕብረተሰብ ዝምርምሩ ሰባት፡ ሃገራት ኤውራጳን ኣመሪካን ኣብዚ በጺሖንኦ ዘለዋ ደረጃ ንክበጽሓ ክመይ ዝኣመሰለ ማሕበራውን ቁጠባውን ፖለቲካውን ለውጢ ክም ዝሰገራ እናመልከቱ ዝሓንጸጽዎ መስመር ኢዩ። ኣተሓሳስባ "ዘመናውነት" ክአ ኣብ ታሪኽ እዘን ሎሚ ምዕቡላት ሃገራት ዝበሃላ ዝተመስረተ ኢዩ። ቀንዲ ኣተኩሮ ዘመናውነት ኣብ ውልቀ-ሰብ ደረጃ ናይ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ለውጢ ኢዩ። ዘመናዊ ሰብ ብባህልን ልማዳትን ዘይተኣሳሰረ ክም ምባል የስምዕ። ኣብ ደረጃ ሕብረተሰብ እውን እንተኾነ ቀዳምነት ንቁጠባዊ መዳይ ምዕብልና ስለ ዝወሃብ ነዚ ዓለማ'ዚ ዝድግፍ ዘመናዊ ተክኖሎጂ ምስ ኩነታት ባህሊ ይኸይድዶ ኣይከይድን ብዘየገድስ ክብጻሕ ክም ዘሎዎ ይሕብር።

ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብዚ ዝሓለፈ 30-40 ዓመታት "ዘመናውያን" ክኾና ክብላ ደድሕሪ ናይ ኤውሮጳን ኣመሪካን መስመር ክጓተታ ይርከባ። ምስ'ዚ ተተሓሒዙ ክአ ገሊአን ፈረንሳይ፡ ገሊአን እንግሊዝ፡ ክም ወግዓዊ ቋንቋ ስለ ዝጥቀማሉ ካብ ሃገር ፈረንሳን እንግሊዝን ዝዛረባ ሃገራት ዝመጸ ዘበለ ኩሉ ክውሕጠን ይረኣያ ኣለዋ። እዚ ብመጠኑ ኣብ ኩላተን ሃገራት ዓለም ዝርአ ዘሎ ተርእዮ ኢዩ።

ባህልን ቋንቋን ሕብረተሰባዊ ምዕብልናን ብዝምልከት መስመር ዘመናውነት ኣብ ትምህርቲ እንታይ ዓይነት ተጽዕኖ ክም ዝገብሮ ምዝርዛር ብርቱዕ ኣይመስለንን። ኣብ ላዕሊ ክም ዝጠቀስክዎ ትምህርቲ ክልተ በላሕቲ ዝኣፉ መሳርሒ ሕብረተሰብ ኢዩ። መደብ ሃገራዊ ምዕብልና ኣብ መስመር ዘመናውነት ዝተመስረተ እንተድአ ኮይኑ ነቲ ዜጋታታ ዝጥቀሙሉ ባህልን ቋንቋታትን ኣተሓሳስባን ዘይኮነስ በቲ ካብ ምዕቡላት ሃገራት ዝፈስስ ሓደስቲ ተርእዮታት ክዕበጥ ዝከኣልኢዩ።ነዚ ሓያልን ዘየድልን ተርእዮታት ንምክልኻል ክአ እቲ መደብ ትምህርቲ ኣብ መባእታ እንተ ወሓደ ናይቲ ህዝቢ ኣተሓሳስባን ባህልን ዘንጸባርቕ ክኸውን ኣድላዪ ኢዩ። ተራ ትምህርታዊ ቋንቋ ክአ ኣብዚ'ዩ። እንተ ዘይኮነ ቋንቋኻ ክይተረፈ ክም ባህሊ ድሑር ዝበሃል ስም ክወሃቦ ዝከኣል ኢዩ፡ ሳዕቤኑ ክአ ማንም ኣይስሕቶን። ትምህርቲ ንባዕሉ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ መስመር ምዕብልና ዝድግፍ ትካል እምበር ርእሱ ዝኸኣለ ዓላማ የብሉን። በዚ ምኽንያት'ዚ ክአ ነቲ ሃገራዊ ምዕብልናን ሕብረተሰብባዊ ኩነታትን ዘንጸባርቕ ስርዓተ ትምህርቲ (ካሪኩሉም)ብናይ ነፍሲ ወከፍ ብሄር ቋንቋ ዝግበር ጻዕሪ ኣብዚ ወሳኒ ተራ ኣለዎ። ሃገራዊ ምዕብልና ብፖሊሲ ደረጃ ዘተኵረሎም ዓላማታት ማዕርነትን ፍትሕን ቁጠባዊ ርእሰ ተኽእሎን ሃገራዊ ሓድነትን ኢዮም።እቲ ካሪኩሉም እውን ነዚ ዘንጸባርቕ እንተኾነ ብናይ ወጻኢ ሃገራት ተጽዕኖ ብዙሕ ክይጐተት ይኽእል። እቲ ብዓለምለኽን ንሳይንሳዊ መጽናዕትን ዝግበር ኣድላዪ ስጕምቲ ግዜኡ ሓልዩ፡ ምስ ዝወሃብ ክአ እቲ ሕብረተሰብ ናቱ ከየጥፍአ ምስ ካልእ ዓለሙ ክጐዓዝ ክም ዝከኣል ብዓል ጃፓን ህያው ኣብነት ኢየን።

ተራ ቋንቋ ኣብ ሕብረተሰባዊ ምዕብልና ወሳኒ'ኳ ይኹን እምበር ብዙሓት ቋንቋታትን ባህልታትን ዘለዉዎ ሃገር ግን ነዚ ክትግብሮ ቀሊል ኣይኮነን። ሃገራዊ ሓድነት ዝሕሉ ካሪኩሉም ነቲ ዝተፈላለየ ባህልታት ብሄራት ቋንቋታትን ብዝተመዓራረየ መገዲ ዝሰርዕ መደብን ትግባረን ቀንዲ ኣተኵሮ ዝወሃቦ ኢዩ። ነዚ ክሳዕ ሕጂ ዝሃብክዎ ትንተና ክም ኣብነት ክኸውን ክአ ኩነታት ቋንቋ ብሊንን ሕብረተሰባዊ ክባቢኡን ኣብ ዝብል ክፍሊ ጽሑፈይ እሰግር።

ትርጋጽ (footnotes)

(1) M.Gray et.al(1996)ገጽ 34

(2) Fägerlind and Saha (1989)

(3) M.Gray et.alia(1996)ገጽ 35

(4) W.R.Scot (1993) Institutions and organizations. sage, London, ገጽ 66-70

(5) Fägerlind and Saha (1989) ገጽ 99-100

(6) Kiflemariam Hamde (1994) Education for National Development, Institute of International Education, S.U.

(7) Gonalez (1993) ገጽ 10

(8) McNab (1989)

(9) Casmir M. Rubagumya (1989),ed., Language in Education in Africa.A Tanzanian Perspective, Multilingual Matters LTD. Philadelphia

(10) J.I. Lofstedt (1994) ገጽ 18-20

(11) Inkelles, A. and D.H.Smith (1974) Becoming Modern, ገጽ 19-25

# 3. ኩነታት ቋንቋ ብሊንን ሃገራዊ ምዕብልናን

## 3.1 ቋንቋ ብሊን

ቋንቋ ብሊን ኣብ ናይ ቀደም ኣውራጃ ሰንሒት ናይ ሎሚ ዞባ ዓንሰባ ዝዝረብ ቋንቋ ኢዩ። ቋንቋታት ኤርትራ ኣብ ሰለስተ ክፍልታት ብምዝርዛር ዝጽንዑ ጸሓፍቲ ከም ዝብልዎ ብሊን ኩሻዊ ልሳን'ዩ(1)። ሴማውያን ቋንቋታት ኤርትራ ትግረ ትግርኛን ዓረብን እንኪኾኑ ኩሻውያን ከኣ ብሊን፡ ሳሆን፡ ሕዳረብን፡ ኣፋርን'ዩ። ኒላውያን ከኣ ኩናማን ናራን ምዃኖም ኢዩ።

ቋንቋ ብሊን ብኣደማምጻኡን ቃላትን ሰዋሰውን ኩሻዊ ጠባያት ከም ዘለዎ፡ ዘጽንዑ ሰባት ከም ዝብልዎ ግን ካብዞም ኣብ ኤርትራ ዝዝረቡ ንላዕሊ ምስ ኣብ ማእከላይን ምዕራብን ኢትዮጵያ ዘለዉ ቋንቋታት ኣገው ርክብ ከም ዘለዎ የመልክቱ።(2) ብሊን ግን በቲ ሕጂ ዘለዎ ኣቐማምጣን ከባቢን ምስ ትግረን ትግርኛን ቀረባ ጉዕዞ እናገበረ ምዃኑ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዘቕረብክዎ ጽሑፍ ተመልኪቱ ኣሎ(3)። ዕላታዊ ናብራ ብዘስዕቦ ርክባት ኣብ ናይ ቀደም ኣውራጃ ሰንሒት ዝነበሩ ሕዝቢ ብሄረ ብሊን ጥራይ ኣይኮኑን። ትግረን ትግርኛን ዝዛረቡ እውን ስለ ዘለዉ ኣብ መንጎ'ዞም ቋንቋታት እዚኣቶም ርክብ ኣሎ (4)። ቋንቋ ብሊን ካብቶም ኣብ ጽሑፍ ብሰፊሑ ዘይሰፈረ ቋንቋ ኤርትራ'ኳ እንተኾነ ኣብዚ ዝሓለፈ ሚእቲ ዓመታት ግን ገገለ ጽሑፋት ኣይተሳእኑን።

## 3.2 ፊደላት ብሊን

ብ1882 ኣቢሉ ለየ ራይንሽ ዝተባህለ ጀርመናዊ ንመጀመርያ ግዜ ንቋንቋ ብሊን ብፊደላት ግእዝ ክጽሕፎ ጀሚሩ። ቅድሚኡ ሓድሓደ ባህልታትን ቋንቋን ብዝምልከት ወርነር ሙዚንገር ዝተባህለ ወዲ ስዊዘርላንድ ጽሒፉ ነይሩ።

ኣደማምጻ ብሊን ዝውክሉ ፊደላት ኩላቶም ኣብ ግእዝ ዝርከቡ'ኳ እንተኾኑ ክልተ ፍሉያት ድምጽታት ኻ ኾ እውን ኣለዉ። በዞ መልክዕ'ዚ ዝጸሓፎም ለዮ ራይንሽ'ዩ። ኻ ከምቶም ካልኦት ፊደላት ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳብዓይ ይንበብ። ኾ ከም ኰ ጐ ቈ ካልኣይን ሳብዓይን ድምጺ የብሉን። ኰ ጐ ግን ኣብ ግእዝ እውን የለዉን። ኣብ ብሊን ብፍሉይ ምስ ትግረን ትግርኛን ኣዛሚድካ ዝርከቡ ድምጽታት ከኣ ሸ ቀ ቐ ኸ ዐ ጠ ጨ ጸ ቨ ኰ ጐ ቈ ኢዮም እዞም ሰለስተ ኣብ ብሊንን ትግርኛን እምበር ኣብ ትግረን ግእዝን የለዉን። ዘ ጸ ዠ እውን ኣለዉ ግን መዝገበ ቃላት ብሊን ክጸሓፍ ከሎ ከም ዝተዓዘብናዮ እቶም ዘ ጸ ዠ ኘ ቸ ዘለዎም ቃላት ብሊን ካብዞም ጕረባብቲ ሴማውያን ቋንቋታት ዝተወሰዱ እንተ ዘይኮይኖም ካብ ብሊን ዝመጽእ ቃል ኣይገጠመናን።(5)

ኣብቶም ቅድሚ ሕጂ ዝተሓተሙ ጽሑፋት ብሊን እንተርኣና 39 ፊደላት ብሊን ኣለዉ። እዚኣቶም ከኣ:

ሀ ለ ሐ መ ሰ ሸ ረ ቀ

ቐ በ ተ ነ ኘ አ ከ ኸ

ወ ዐ ዘ ዠ የ ደ ጀ ገ

ጠ ጨ ፈ ቸ ጸ ጸ ፐ

ቨ ኰ ጐ ቈ ዀ ኻ ኾ

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተመልከተ ኻ ኾ ጥራሕ'ዮም ኣብ ብሊን ዝርከቡ ብግእዝ ግን ዘይድመጹ።

## 3.3 ስነ-ጽሑፍ ብሊን

ብሊን ክጽሓፍ ካብ ዝጀምር ልዕሊ ሚእቲ ዓመት ከም ዝኾነ ኣብ ላዕሊ ተሓቢሩ ከም ዘሎ ካብ ሽዑ ንነጀው ሓያሎ ጽሑፋት ወጺኦም ኣለዉ። ኣብዚ እቶም ቀንዲ ኣገደስቲ ዝኾኑ ብሕጽር ዝበለ መገዲ ተዘርዚሮም ኣለዉ።

- ለዮ ራይንሽ(1) (1882) ብሊን ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪቃ

እዚ መጽሓፍ እዚ ሰዋሰውን ካልእ ኩነታት ብሊንን ዝሓዘ ኢዩ። ብጀርመንን ብብሊንን ዝተጻሕፈ ከኣ እዩ።

(2) (1882) ወንጌል ማርቆስ

(3) ጽሑፋት ቋንቋ ብሊን፡ ጽውጽዋይን ዛንታን (1883)

(4) መዝገበ ቃላት ብሊን (1887)

- ተኪኦ ዓሊ በኪት ከም ዝብሎ፡ ቅድሚ ለዮ ራይንሽ ብዛዕባ ቋንቋ ብሊን ዝጸሓፉ እውን ነይሮም። ጁሰፐ ሳፔቶን(1857) ወርነር ሙዚንጀርን(1858)።(6)

- ብጸሓፍቲ ኢጣልያውያን ማዕረ'ቲ ኣብ ትግርኛ ዘድሃብዎ'ኳ ኣይኹን እምበር ሓሓሊፍካስ ገለ ጽሑፋት ኣይተሳእኑን። ካብዚኣቶም ካርሎ ኮንቶ ሮሲኒ ዝጸሓፎ "ግጥምታትን ሕላይን ዛንታን" ዝብል ጽሑፍ ሰፊሕን ኣገዳስን ኢዩ። ኣገዳስነቱ ነቶም ለዮ ራይንሽ ዝተጠቐመሉም ፊደላት ኣብ ምትግባር ኢዩ። ከምኡ ውን ኢላርዮ ካፓማዛ (1911-2) ገለ ዛንታን ግጥምን ጽሒፉ'ሎ።

- ብ1941 ከአ "ኣዊ መሀድኹና" ዝብል ርእሲ ዝሓዘ ትምህርተ ክርስትና ብኣባ ወልደ ዮሃንስ ሃብተ ማርያም ተተርጒሙ። "መን ፈጠረና" ማለት'ዩ።

ቋንቋ ብሊን ንመጀመርያ ግዜ ብሊን ብዝዛረብ ደራሳይ እተጸሕፈ ከም ምዃኑ መጠን ዓቢይ ግምት ዝወሃቦ ስራሕ እዩ። ብ1983 ከአ ንካልኣይ ግዜ ኣብ ኣስመራ ተሓቲሙ።

ኣብ ሓምሳታት ብቋንቋ እንግሊዝ ዝጽሓፉ ተመራመርቲ ሓሓሊፎም ዝጸሓፍዎ ኣይተሳእነን። ካብኣቶም ሓደ ንሰዋስው በብርእሱ እናተኸፋፈለ ዝጸሓፈ ፓልመር'ዩ። ኣብቲ ኣብ ኦክስፎርድ ዝሕተም ዝነበረ "መጽሔት መጽናዕቲ ምብራቃውያን" ዝበሃል ካብ ዝጸሓፎም ኣርባዕተ እንሆ(7)

-(1957) ግሲ ኣብ ብሊን (The verb in Blin)

-(1957) ስም ኣብ ብሊን (The noun in Blin)

-(1960) ኣደማምጻ ብሊን ብሕጽር ዝበለ መገዲ (An Outline of Blin Phonology)

-(1960) Blin "to be" and "to have" (8)

ካብ ሰብዓታት ጀሚሩ'ውን ንብሊን በይኑ ወይ ምስ ካልኦት ቋንቋታት ብምንጽጻር ዝተጸሕፉ ኣለዉ። ዛቦሽኪ ኣንድረይ (Zaborski Andrei) "ብዛዕባ ተናበብትን ድምጻውያንን ብሊን" ጽሒፉ ኣሎ። (Consanant apophamy and consonant alteration in blin) (9) ኤል ኣፐለያርድ (L. Appleyard) እውን ክሳዕ ሕጂ ብዙሓት ዓናቕጽ ጽሒፉን ይጽሕፍን'ዩ።

## ካብ 1976 ክሳዕ 1994 ዝተጸሕፉ

ኣብ ዝሓለፉ ዕስራ ዓመታት ስነ-ጽሑፍ ብሊን ከም ብሓድሽ እተወልደሉን ዝዓበየሉን ግዜ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ግዱሳት ተዛረብቲ ቋንቋ ብሊን ናተይ ኢሎም ብስነ-ቋንቋ መገዲ መጽናዕቲ ብምክያድ ኣገደስቲ ጽሑፋት ዘውጽኡሉ ግዜ ኢዩ። ነዚኦም ኣብ ሓሙሽተ ኣርእስቲ ከፊልና ክንርእዮም ኢና።

ሓፈሻዊ ጽሑፋት

ሰዋስው

መዝገበ ቃላት

ልበ-ወለድን፡ መምሃርን

ትርጉም

## ሓፈሻዊ ጽሑፋት

ሓፈሻዊ ጽሑፋት፡ ኣብ ሓፈሻዊ ናብራን ባህልን ቋንቋን ዝምልከቱ ክኾውን ከሎ፡ ገሊኦም ብብሊን ገሊኣቶም ከአ ብእንግሊዝኛን ብብሊንን ዝተጸሕፉ ኢዮም። ኣብዚ ዘተኵሮሎም ግና እቶም ባህሊ ወይ ሓፈሻዊ ኣገባብ ወይ ታሪኽ ዝ  ልከቱ ዘይኮነስ ብፍላይ ንቋንቋ ብሊን ዝምልከቱ ኢዮም።

- ኣባ ክፍለማርያም ፋደጋ (1984) ኣብ ዓለምለኻዊ ዘተ መጽናዕቲ ኢትዮጵያ (International conference on Ethiopian studies) ዝበሃል ኣኼባ ንቋንቋ ብሊን ብዝምልከት ወረቀት ኣቕሪቦም ነይሮም። ርእሱ "ቋንቋ ብሊንን ነዊሕ ቃልሱን" -The Blin Language: A long struggle for survival ኢዩ። ቀንዲ ትሕዝቶኡ ከመይ እሉ ቋንቋ ብሊን ኣብ ጽሑፍ ብሰፊሕ ከይሰፈረ ክሳዕ ሕጂ ተቓሊሱ ዝብል'ኳ እንተኾነ ናይ ካልኦት ኣርባዕተ ሰባት ግጥምታት እውን ዝሓዘ'ዩ። እቶም ግጥምታት ናብ እንግሊዝኛ ተተርጒሞም ኣለዉ።

መኮነን ኣማ. ኤል (1984) "መላመዲ ቋንቋ ብሊን" ብዝብል ርእሲ ዝጸሓፉ ውን ኣገዳሲት ኢያ። ተዛረብቲ ቋንቋ ትግርኛ ብሊን ዝመሃሩሉ መገዲ ብሰዋስዋዊ መስርዕ ይምዝግብ።

ክፍለማርያም ሓምደ (1986) "መሰረትን ምዕብልናን ቋንቋ ብሊን" The Origin and Development of Blin ብዝብል ርእሲ ኣብ ትካል መጽናዕቲ ኣፍሪቃ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ዝተጻሕፈ ኢዩ። ኣገላልጽኡ ብእንግሊዝኛን ብብሊንን ኢዩ።

ክፍለማርያም ሓምደ (1989) "ትንተና ሓድሓደ ምሳሌታት ብሊን" Analysis of some Blin prover 's ኣብ መጽሔት መጽናዕቲ ኣፍሪቃ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ

ሰዋስው

ሰዋስውን ኣጸሓሕፋ ብሊንን ብዝምልከት ኣብ ተሰዓታት ሰለስተ ፍልማውያን ጽሑፋት ኣለዉ።

- ጐይትኦም ክፍሎም (1991) "ብሊን ሓለገት" (Blin Haleget) ኣብ ስዊስዘርላድ ዝጸሓፎ። ቋንቋ ብሊን እንግሊዝኛን ትግርኛን ዓረብን የነጻጽር።

- ተኽለገርጊስ ዮሃንስ ኣፍታይ (1992) "ብሊና ጋባ ጉግ" (ሰዋስው ብሊን)- ኡፕሳላ ዝተሓትመ እንኪኸውን ኣውራ ዓላምኡ ኣጸሓሕፋን ኣናብባን ብሊን ምስ ስርዓት ሰዋስው ብምትእስሳር'ዩ።

- ተኪአ ዓልበኪት (1992) "ብሊና ክታበትዲ ግብራ ጋቡኸዲ" (ኣደማምጻን ሰዋስውን ብሊን)-ኦስሎ ኖርወይ ዝተሓትመ። ብዛዕባ ኣደማምጻን ፊደላትን ስነ-ጽሑፍን ብሊን ትንተና የቕርብ። ከምኡ'ውን ስርዓት ሰዋስው ብሊን ይገልጽ። ድሕሪ ሕጂ ከመይ ዝኣመሰለ መጽናዕቲ ክግበር ከም ዝከኣል'ውን ይሕብር።

መዝገበ ቃላት

- ክፍለማርያም ሓምደን ጳውሎስ ዘርእማርያምን (ኣረምትን ጸሓፍትን ምስ ብጾቶም) 1992- "ብሉና ቆላታ እንዳባ" (መዝገበ ቃላት ብሊን) ኡፕሳላ ዝተሓትመ። ልዕሊ ሓሙሽተ ሽሕ ዝኾኑ ዕለታውያን ቃላት ዝሓዘ፡ ቃላት ብሊን ብኸመይ ክግለጹን ክፍትሑን ከም ዝከኣል ትርጉም ብብሊንን ብእንግሊዝን ዝሀብ መዝገበ ቃላት ኢዩ።

ልቢ-ወለድ

- በጐስ ጐይትኦም (1992) "እንክሊ" (ፍቕሪ)፡ ኡፕሳላ መንእሰያት ብኸመይ መገዲ ፍቕሮም ክገላለጹ ከም ዝኽእሉ እናገጠመ ተመክሮ "ክላ"ን "ኪሰሪ"ን ይገልጽ።

መምሃሪ (ቍጽሪ)

- ፍስሃጽዮን ዘሚካኤል (1994) "ሺብ ብሊንድ" (ቍጽሪ) ስቶክሆልም። ቋንቋኦም ብሊን ዝኾኑ ቈልዑት ከመይ ጌሮም ብብሊን ቍጽሪ ካብ ሓደ ክሳዕ ዓሰርተ ክለማመዱን ክመሃሩን ዝገልጽ ሓጺር ስእላውን ጽሑፋውን መሳርሒ

ስታንዳርድ ጽሑፍ ቋንቋ ብሊን (Standardization)

- ተኪአ ዓልበኪት፡ ፍስሃጽዮን ዘሚካኤል ክፍለማርያም ሓምደን ኣባ ኣስፍሃ ኪዳነማርያምን (1994) "Some standardization of Blin writing" ብዝብል ርእሲ ኣብ ኣርባዕተ ቅድመ ዝተደረሱ (ሰዋስው መዝገበ ቃላት) ብምምርኳስ ሓባራዊ መስመር ኣጸሓሕፋ ዝሕብር መጽሔት ኣሰናዲኦም ኣለዉ።

እዘም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሰባት ካብ 24-25 ሰነ 1994 ኣብ ስቶክሆልም ኣኼባ ብምግባር ድሕሪ ሕጂ ክኽተልዎ ዘለዎም ሓባራዊ ስርዓት ወይ ስታንዳርድ ዝሕብር መጽሔት።

ትርጉምን ካልኣት ፍልማውያን ድርሰታትን (ሃይማኖታዊ ጽሑፋት)

ካብ 1975 ጀሚሩ ጽሑፋት ሃይማኖት ከም ብሓዲሽ ብብሊን ዝወጹሉ ግዜ ኢዩ።

- ኣባ ክፍለማርያም ፋደጋ (1976) "ወረና ጃር-ሙሲኸ" (ዓውዲ ምስጋና ኣምላኽ) ኣስመራ ሽማግለታትን ዓበይቲ ኣንስትን ንግሆን ምሸትን ዝደጋግምዎ ባህላውያን ምርቃታትን ጽቡቕ ትምኒትን ዝገልጹ ኣበሃህላን ዝሓዘ ኢዩ።

- ኣባ ክፍለማርያም ፋደጋ (1977) "ቅዱስ ብሊንድ" (ቅዳሴ ብብሊን) ኣስመራ። ካብ 1974 ክሳዕ 1977 ኣብ ዘርኣ-ክህነት ኣስመራ ዝመሃሩ ዝነበሩ ተምሃሮ ብምትሕብባር ካብ ግእዝ ዝተርጎምዎ ጽሑፍ።

- ኣባ ወልደዮሃንስ ሃብተማርያም (1940፡ 1983)"ኣዊ መሀድኾና" (መን ፈጠረና) ካልኣይ ግዜ ዝተሓትመ

- ኣባ ኪዳነ የዕብዮ (1991) "ቅዳስ"- ኣስመራ። ብሓዲሽ መገዲ ንመጽሓፍ ቅዳሴ ካብ ግእዝ ናብ ብሊን ዝተርጎምዎ። ተሓባቢሮም ጽፈትን ትኽክለኛ ትርጉምን ዝተኸታተሉ ከኣ ኣባ ተስፋማርያም ብድሆን (ሎሚ ኣቡን) ኣባ ኣስፍሃ ኪዳነማርያምን፡ ኣባ መኮነን ኣማኑኤልን፡ ኣባ ዑቕባጋብር ወልደግርጊስ።

- ወንጌል ኣስመራ ኣባ ያዕቆብ ዘርኡ (1993)ንመጀመርያ ግዜ ኣርባዕቲኦም ወጌላት ብውሕሉል መገዲ ብብሊን ተርጎምዎም።

## 3.4 ፍሉይ ኩነታት ቋንቋታት ኤርትራ ኣብ ዞባ ዓንሰባን፡ ሃገራዊ ምዕብልናን

ሃገራዊ ምዕብልና እቶም ዝተፈላለዩ መዳያትን ክፍልታትን ደረጃታትን ምዕብልና ብዝተመዓራረየን ዝተዛመደን መገዲ እንተድኣ ተንዒዞም ከመይ ምኧኑ ኣቐዲሙ ተዘርዚሩ ኣሎ።ቋንቋታት ኤርትራ ውን ነዚ ፍረ ናጽነት ዝኾነ ተራኦም ንኸጻወቱ ዘለዎም ዕድል ክፉት ምስ ኮነ ነፍሲ ወከፍ ቋንቋ ካብቲ ቅድሚ ናጽነት በጺሕዎ ዝነበረ ደረጃ ኣብዚ ጉዕዞ እውን ጽልዋ ከም ዝገብር ንኹላትና ብሩህ'ዩ እመስለኒ።

ሎሚ ብሊን ካብ ናይ ውልቂ መራኸቢን ቋንቋ ብሄር ምኧኑ ሓሊፉ ንቤት ትምህርትን ረድዮን ጋዜጣን ገጹ ንኽግስግስ ክፉት

ሓደ ክጠቕሶ ዘለኒ ጉዳይ ከኣ ብዛዕባ ፊደላት ብሊን ኢዩ። ንቋንቋ ብሊን ዝሰማምዑ ፊደላት ኣየኖት ኢዮም፧ ፊደላት ዶ ወይስ ላቲን፧

ብመሰረቱ ነዚ ምርጫ እዚ ክገብር ዝኽእል እቲ ዝምልከቶ ኣካል መንግስት ህዝብን ኢዩ። ፖሊሲ ዘውጽእ ኣካል መንግስቲ ምስ ተዛረብቲ ቋንቋ ብሄር ብምውካስ ውሳኔኡ ይገብር ማለት'ዩ። ንሓደ ቋንቋ ኣብ ምምዕባል ዝግበር ጻዕርን መደብን ግና እቲ ዝወጽእ ፖሊሲ ንብዙሕ ግዜ ዝሰርሕ ስለ ዝኾነ ኣብ መጽናዕትን ፍሉይ ኩነታት እቲ ሕብረተሰብ ከባቢኡን ዝተመስረተ እንተኾነ ኢዩ ዝበለጸ ፍረ ክህብ ዝኽእል ዝብል ርድኢት ኣለኒ።

ዝኾነ ይኹን ውሳኔ ፊደላት ግን በዞም ዝኽተሉ ሓሙሽተ ረቛሒታት ዝተደገፈን ኩነታት ሕብረተሰብ ዘንጸባርቕ ክኸውን ኣለዎ።

እቶም ረቛሒታት ድማ እዚኦም እዮም፡

-ስነ-ድምጻዊ ረቛሒ

-ትምህርታዊ ረቛሒ

-ስነ-ጽሑፋዊ ረቛሒ

-ሕብረተሰባዊ ኩነታትን ቋንቋን

-ደረጃ ትምህርቲ

1) ስነ-ድምጻዊ ረቛሒ

ሊንጉስቲክስ ወይ ስነ-ቋንቋ ሓደ ቋንቋ ከመይ'ሉ ይድመጽ፡ ይጽሓፍ፡ ይዓቢ ወይስ ይደክም፡ እንታይ ዓይነት ፊደላትከ ነቶም ድምጽታት ይውክልዎም ንዝብሉ ጉዳያት ዘጽንዕ ትምህርቲ ኢዩ። ብፍላይ ከኣ ከም ኣብ ኤርትራ ዝተፈላለየ ቋንቋታት ምስ ዝህልዉ ኩነታት ፊደላት ብሊንጉስታዊ መገዲ ምምርማር ኣድላዪ'ዩ እመስለኒ።

ኣብ ላዕሊ ከም ዝገለጽክዎ ቋንቋ ብሊን (ኣብቶም ጽሑፋት ከም ዝረኣናዮም) ብፊደላት ግእዝ ክጽሕፍ ካብ ዝተጀመረሉ (1882) ፘ ጐ ጥራይ ብምውሳኽ ይጸሓፍ ኣሎ። ተተመላሊሶም ዚዝውተሩ ድምጽታት ከኣ ሸ ዘ ሐ ቀ ቐ ኸ ጠ ጨ ጸ ኰ ጐ ኾ ቈ ኢዮም። ብዘይካ ከም ትግረን ትግርኛን ኢዩ። ነዞም ዝተዘርዘሩ ድምጽታት ብላቲን ምጽሓፍ ማለት ማዕረ ክንደይ ኣብዚ ግዜናን ብኣቕምናን ክርግበር ይከኣል ዝብል ሕቶ ንዘተ እገድፎ። ፊደላት ብሊን ብኸመይ ነዚ ኩነታት'ዚ የንጸባርቐ ኣብቲ "ስነ-ጽሑፍ" ዘለዉ ምምልካት ይከኣል። ብኣደማምጻን ኣጸሓሕፋን ከም ትግረን ትግርኛን (ፘ ኈ) ወሲኽካ ኢዩ።

2) ስነ-ጽሑፋዊ ረቋሒ

ኣብ ክፍሊ "ስነ-ጽሑፍ" ከም ዝዘርዘርክዎ ካብ 1882 ጀሚሩ ክሳዕ ሕጂ ቋንቋ ብሊን ብፊደላት ግእዝ ክጸሓፍ ሽግር ከም ዘየሎ ክንግንዘብ ንኽእል። ነዚ ነጥቢ እዚ ተኪኦ ዓልበኪት'ውን ብሰፊሑ ኣተኵሩ ገሊጽዎ ኣሎ።(ገጽ 18-29)።

ስነ-ጽሑፍ ብሊን ክሳዕ ሕጂ ዝተኸተሎ መስመር እቲ ትግረን ትግርኛን ዝኸተልዎ መስመር ምዃኑ'ዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ እቲ ክሳዕ ሕጂ ዝተገብረ ስነ-ጽሑፋዊ ስጉምትታት ነቲ ብድሕሪ ሕጂ ዝግበር ምዕብልና-ቋንቋታት ዓቢይ ሓገዝ ኢዩ።በዚ ኣብ ኢድና ዘሎ ፊደላት ምቅጻል ይበልጽ።

3) ትምህርታውን ስነ-ማዕበያውን ረቋሒ

እዚ ተምሃሮ መባእታ ትምህርቲ ብቀሊሉ ክጽንዕዎም ዝኽእሉ ፊደላት ኣየኖት ኢዮም ንዝብል ሕቶ ዝምልሽ'ዩ። ሽሕ'ኳ ብወፈራ መጽናዕቲ (field work) ዘይተደገፈ እንተኾነ ካብ ናተይ ተመኩሮን ትዕዝብትን ብምብጋስ ፊደላት ግእዝ ንሓደ ፊደል ካብ "ግእዝ" ክሳዕ "ሳብዕ" ምስ ነበብካ ንኹላቶም ብተመሳሳሊ መገዲ ስለ እትሰርዖም ቈልዑት ብቀሊሉ ክኸተልዎም ይኽእሉ። እቲ ብዝሕን ዋሕድን ፊደላት ዘይኮነስ እቲ ስርዓት ኣደማምጻ ቮወልን ኮንሰናንትን ዘይፈሊ ንምዃኑ ንክተድምጾን ክተንብቦን ቀሊል እዩ። ብተወሳኺ ከኣ ተዛረብቲ ቋንቋ ብሊን ሃገራውያን ቋንቋታት ትግርኛ ወይ ትግረ ምጽንዖም ስለ ዘይተርፍ፡ ብሓደ መዳይ ንቋንቋኦም'ውን ከምቲ ትግረን ትግርኛን ዝጥቀመሉ ዓይነት ፊደል እንተኾነ ይሓይሽ።

4) ሕብረተሰብኣዊን ቋንቋውን ከባቢ ብሊን

ፊደል ይኹን ካልእ ትምህርታዊ መደባት ኣብ ምሕንጻጽ እቲ ቋንቋ ኣበየናይ ከባብን ኩነታትን ከም ዝርከብ ኣብ ግምት ምእታው ኣድላዪ ይመስለኒ።

ኣብ ምዕብልና ገጻ እትግስግስ ሃገር ሃገራዊ ሓድነትን ናጽነት ውልቀ ሰብን ማዕርነትን ክልተ ኣገደስቲ ነጥብታት ምዃኖም ኣቐዲሞም ተጠቒሶም ኣሎዉ። ቋንቋ ብሊን ከኣ ብሊንኮስታውያን ኩሻዊ ልሳን'ኳ እንተኾነ እቲ ንዑ ዝዛረብ ብሄር ምስቶም ትግረን ትግሪኛ ብሄረሰባት ናይ ጉርብትና ጥራሕ ዘይኮነ ናይ ዕለታዊ ናብራ ርክብ'ውን ኣለዎም።

ብሓጺሩ ቋንቋ ብሊን ሎሚ ምስ ትግርኛን ትግረን ብዘለዎ ናይ ቀረባ ርክብ እቲ ክልቲኦም ቋንቋታት ዝጥቀሙሉ ፊደል እንተኾነ ነቲ ዝግበር ጻዕሪ ከቃልሎን ክድግፎን ይኽእል። ሓድነትን ተሓባበርነት'ቲ ሕብረተሰብ ከኣ ተወሳኺ ደገፍ ይረክብ። ብተወሳኺ ከኣ ኣብ ሓደ ዞባ ንሰለስቲኦም ቋንቋታት ዝተፈላለዩ ፊደላት ምጥቃም ግን ተወሳኺ ጉልበትን (መምህራን) ገንዘብን ግዜን ይሓትት።

ከም ኣብነት ሓደ ተምሃራይ መባእታ ካብ ፊደላት ላቲን ዝጥቀም ቤት ትምህርቲ ናብ ካልእ ክቅይር ምስ ዝደሊ ንመምህራኑን ንርእሱን ነቶም ካልኦት ተምሃሮን ከጓትት ይኽእል። እቲ ፊደላት ሓደ ዓይነት እንተኾነ ሃገራዊ ምዕብልና ከም ሓባራዊ ዓላማ ይድልድል። ብቁጠባውን ሕብረተሰብኣውን ፖለቲካውን መዳያት ሓደ ዓይነት ፊደል ኣብ ሓደ ዞባ ብልጫታት ኣለውዎ። ደሓር ምስ ተክኖሎጂ ዝኸይድ ዓይነት ፊደል ላቲን'ዩ ተባሂሉ እንተድኣ ተመዲቡ ከኣ ሰለስቲኦም ቋንቋታት ብሓደ ክቕጽሉ ይኽእሉ። ሓደ ዓይነት ፊደል ኣብ ዞባ ዓንሰባ ነቲ ሓባራዊ መሳርሒ ትምህርቲ ከም ጸሓፊት መኪና፡ ኮምፒዩተር ጋዜጣታትን ካልእ መደባት ብሓባር ክትጥቀመሉ ይኽእሉ። ጸሓፊት መኪና ንብሊን ብፊደላት ላቲን፡ ብፊዴላት ግእዝ ከኣ ንትግረን ትግርኛን ልዕሊ ዓቕሚ መንግስትን ህዝብን ክኸውንዶ ኣይኽእልን፧

5) ደረጃ ትምህርትን ዓላምኡን

ዓላማታት ሃገራዊ ምዕብልና ኣብ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ትምህርቲ (መባእታ ካልኣይ ደረጃ ዩኒቨርሲቲ) ዝተፈላለየ ዓይነት ብቕዓትን ፍልጠትን ንምውፋይ ዝተዳለወ ከም ዝኾነ ኣብቲ ግዜያዊ መንግስቲ ብ1991 ዘውጽኦ ኣዋጅ ተመልኪቱ ኣሎ። መባእታ ትምህርቲ በብቋንቋኻ ዝብል ኣዋጅ እቲ ጀማሪ ቈልዓ ብንእሽትኡ ምስ ገዛእ ርእሱን ከባቢኡን ሕብረተሰቡን ዝላለየሉ ዓላማታት (ምንባብን ምጽሓፍን ምርዳእን) ስለ ዝኾነ ነዚ ኣብ ማሕበራዊ ናብራ ተሳትፍኡ ከዕቢ እቲ ሕብረተሰብ ዝጥቀመሉ መሳርሒ መራኸቢ ብዙሓን ብፊደላት ግእዝ ክሳብ ዝሀሉ ፊደላት (ላቲን) ማዕረ ኣየናይ ይጠቅሙ ዝብል ሕቶ ኣሎኒ። መባእታ ትምህርቲ ጥራይ ወዲኦም ንዘይቅጽሉ ኣብታ ሃገር ንዝካየድ ምዕባሌታትን ህዝባዊ ተሳትፎን ክጠቅም ዝኽእል ኣብዚ ግዜ'ዚ ፊደላት ግእዝ'ዮም። ጋዜጣ ንምምንባብ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ፊደላት ላቲን ኣየድልዩን። ንዝቕጽሉ ተምሃሮ ይኹን ንዓለምለኻዊ ርክባት ዝግበር መደብ ምዕብልና ከኣ ከምዚ ተሓንጺጹ ዘሎ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርትን ጻዕርን ከም ዘድልዮ ብሩህ ኢዩ።

ትርጋጽ (footnotes)

1 Tucker and Bryan (1956)

2 Fleming and Bender (1976) ገጽ 40-42 ርአ

3 K. Hamde (1986) ምዕራፍ 4 ተመልከት

4 K. Hamde (1986) ኣብኡ ርአ

5 ብሊና ቆላታ እንድባ (1992) ገጽ 4 ርአ ተኪኤ ዓልበኪት ገጽ 24-25 ተመልከት

6 ተኪኤ ዓልበኪት (1992) ገጽ 11-12

7 The Bulletin of the School of Oriental Studies

8 African Language Studies, 1960, ገጽ 101-111

9 Afroasiatic Linguistics (1970) ገጽ 6

## 4. ንዘተ ዝቀርቡ ሓሳባት

ከም መደምደታ ጽሑፈይ ንዘተ ዝቀርቡ ሓሳባት ቅድሚ ምቕራበይ፣ ነቲ ዝተዋህበኒ ርእሲ ከም ዝከኣለኒ መጠን ዝተናኸፍኩዎ ክኸውን ተስፋ እገብር። ቋንቋን ባህልን ሕብረተሰብን ናይዚ ኩሉ ዝግበር ጻዕሪ ብዝተፈላለየ መልክዑ ዘንጸባርቁን ዝሓዘሉን ሓሳባት ብምኺኖም ጠርናፈ-ቃል እንተደኣ ዘይተወሲኹዎም፣ ነንበይኖም ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነት ትምህርቲ ክፍልታት ኢዮም። በዚ ከኣ "ተራ ቋንቋ ኣብ ሕብረተሰባዊ ምዕባለና" ንዝብል ርእሲ ብምምራጽ ብርተባዊ ስነ-ኣገባብ ዝተደገፈ ትንተና ከቕርብ ፈቲነ ኣሎኹ። ኣብዞም ዝኽተሉ ሓሳባት ብምትኳር ከኣ መድረኽ ንዘተ ክገድፎ እፈቱ።

1. ኣብ ምዕባለና ሕብረተሰብ ንምብጻሕ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ:ነፍስ-ወከፍ መዳይ ምዕባለናን ደረጃን ካልእ ክፍሊ ወይ ኣካል ክትክኦ ዘይክኣል (ርተባ) (function) ኣለዎ። ምዕባለና ቋንቋን ባህልን እውን ከምኡ።

2. ኣብ ብዙሓት ቋንቋታትን ባህልታትን ዝሓዘለት ሃገር እውን ነፍስ-ወከፍ ቋንቋ ነቲ ብሃገራዊ መደብ ምዕባለና ወይ ፖሊሲ ዝተረተበሉ ጉዳይ ብዝተደልየ መገዲ ምስ ዘማልእ'ዩ እቲ ሓበራዊ ረብሓን ምዕባለን ዝርከብ። ዝተመዓራረየ ምዕባለና ዝበልናዮ እውን ነዚ "ርተባታት" እዚ ዘንጸብርቕ ይኸውን። ካብ ዘምባል ምዕባለና ዝተመዓራረየ ምዕባለና ስለዝድለ።

3. ኣብ ዝተመዓራረየ ሕብረተሰባዊ ምዕባለና ንምብጻሕ ከኣ ትምህርቲ ወሰኒ ተራ ኣለዎ። ባህልን ልማዳትን ሓደ ሕብረተሰብ ንኸዕቆሩን ንክመሓየሹን ኣብ መደብ ትምህርቲ ምስ ዝኣትዉ'ዩ። ትምህርቲ ነዚ ተራ ወይ "ርተባ" እዚ ንኸማልእ ግን እቲ መደብ ትምህርቲ ብናይቶም ተመሃሮ ቋንቋ ምስ ዝኸውን ኢዩ።

4. ትምህርቲ ግና ነቲ ኣብ ሕብረተሰብ ዘንጸባርቕ ኩነታት ንምዕቋርን ንምምሕያሽን ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን።

5. ዝኾነ ይኹን ፖሊሲ-ቋንቋታት ኣብ ዝተመዓራረየ ምዕባለና ብጽሒቱ መታን ከወፊ፣ ናይቲ ቋንቋ ሕብረተሰባውን ባህላውን ፍሉይ ኩነታትን ከባቢን ኣብ ግምት ዘእቱ ክኸውን ይግባእ። ኣብ ሳልሳይ ክፍሊ ጽሑፈይ ከም ኣብነት ዘቕረብኩዎ "ኩነታት ቋንቋ ብሊን" ነዚ ሓሳብ እዚ ዘንጸባርቕ ኢዩ።

## ምስጋና

ነዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ ምስንዳው ዝሓገዙንን፣ ምስ ተሰናደወ ኣንቢቦም ርእይቶኦም ዝለገሱለይን ሰባት ኩላቶም ምስጋና እቕርብ። ዝኾነ ይኹን ጉድለት ወይ ዘይርዳእ ሓሳብ እንተደኣ ኣጋጢሙ ግን፣ ናይ ውልቀይ ሓላፍነት ምዃኑ ነንበብቲ ከዘኻኽር እፈቱ።

ክፍለማርያም ሓምደ

## References*

Alvesson, Mats (1993) *Cultural perspectivs on Organisations*. Cambridge University Press,

Araya Habtai (1995) Between the World and the Village: the role of education in sustaining and developing an Eritrean cultural identity. *Scandinavian Journal of Educational Research*, vol. 39(39 181-194

- በጕስ ጕይትኦም (1992) "እንክሊ" (ፍቕሪ)፡ ኡፐሳላ

Burrell, G. & Gareth Morgan (1979) *Sociological Paradigms and Organisational Analysis*. Gower Publishing Co., Ltd.

Casmir,M. Rugabumy (1989) ed., *Language in Education in Africa: a Tanzanian Perspective*. Multilingual Matters LTD, Philadelphia.

Fergusson, C. (1962) The language factor in national development. *Anthropological Lingusitics* 4(19): 23-27.

Fleming, and Bender M. L (1976) *Language in Ethiopia*. London Oxford university Press.

Fägerlind, I., & L Saha (1989) *Education and National Development*, Oxford: pergamon Press..

Gray, M. et al., (1996) Social Work Education for Social Development (1996) *Journal of Social Development in Africa*, 11(1), 33-42

Gonzalez, Andrew (1993) An Overview of Lanaguage and Development. *Journal of Multilingual and Multlicultural Development*. 14(1&2): 5-22.

Gofman, T. ed., (1970). *Language in Education in Eastern Africa*. OUP.

Government of Eritrea (1995) *Macro Policy*.

Haugen, E. (1983) The implemtnation of corpus planning: theory and practice, in J. Cobarrubias & J. A. Fishman (eds.) *Progress in Language Planning: International Perspectives*. Berlin, New York,Amsterdam: Mouton Publishers.: 269-290.

Inkelles, A. & D. H. Smith (1974) *Becoming Modern*. London: Heinemann Educaton Books.

Kennedy, C. ed.(1983). *Language Planning & Language Education*. London: Allen & Unwin.

Kiflemaiam Fadega (Abba) *Bln Language: A long struggle for survival:* International conference on Ethiopian Studies.Addis Ababa.

K. Hamde (1986) *The Origian and Development of Blin*. Blin Language Project. Institue of African Studies, Asmara University.

K. Hamde (1994) *Education for National Development*. Institute of International Education, Stockholm University, Sweden

- ክፍለማርያም ሓምደን ጳውሎስ ዘርእማርያምን (ኣረምትን ጸሓፍትን ምስ ብጾቶም) 1992- "ብሉና ቆላታ እንዳባ" (መዝገበ ቃላት ብሊን) ኡፐሳላ

Blin Dictionary, with translations in English. Nina Tryckeri. Uppsala

መጽሔት ቋንቋ (1992) *Linguistica Eritreana*, 1(1). African Triangle, Stockholm

Kostoulas-Makrakis, Nelly (1995) *Language Maintenance or Shift?*. Institute of Internatinal Education, Stockholm University.

Löfsdetdt, J-I. (1994) *Education in Multi-ethnic and disadvantaged Areas: The Case of Gansu in China*. Institute of International Education, Stockholm University.

MacNab, Christine (19899 *Language policy and Language Practice. Implementation dilemmas in Ethiopian Education*. Institute of International Education, Stockholm University

Provisional Government of Eritrea (EPLF) (1991) *Declaration of Policies on Education in Eritrea*.

Scott, W.R (1993) *Institutions and Organisations*. Sage. London.
(1992)

- ተኪአ ዓልበኪት (1992) "ብሊናፍ ክታበትዲ ግብራ ጋቡኸዲ" (ኣደማምጻን ሰዋስውን ብሊን)-ኦስሎ
*Blin Language. Introductory Phonetics and Grammar.* Oslo

- ተኪአ ዓልበኪት፡ ፍስሃጽዮን ዘሚካኤል ክፍለማርያም ሐምደን ኣባ ኣስፍሃ ኪዳነማርያምን
*Some Standardisation of Blin Writing.*(1994) Stockholm

- ተኸለገርጊስ ዮሃንስ ኣፍታይ (1992) "ብሊና ጋባ ጉግ" (ሰዋስው ብሊን)- ኡፕሳላ
*Blin grammar in Blin language.* Nina tryckeri. Uppsala

Thomas, R. Murray ed. (1993). *Education's Role in National Development Plans.* PRAEGER, New york

Tucker, A. N. and M.A.Byrian (1956, 1966) *Linguistic Analysis: The Non-Bantu Languages of North-Eastern Africa.* London: Oxford Univrity Press.

* For Comprehensive works in Blin, see Section 3.3 in this paper. See also Tekie Alibekit (1992), xi-xiii


ሕብረተሰባዊ ምዕባለና
ባህልን ቋንቋን
ፖለቲካዊ
ትምህርቲ
ቁጠባዊ

# ሃገራዊ ምዕብልና



| LEVEL | CONCERN | |
|---|---|---|
| NATIONAL LEVEL (MACRO) | - ALL POLICY MAKING<br>- MACRO POLICY<br>- National Development Programme | MAC |
| REGIONAL LEVEL-Zoba | Implementation and evaluation: link between MACRO and MICRO LEVELS | ↕ |
| LOCAL LEVEL (MICRO) | -Participation<br>- Support and empowernment from above<br>- Implementation of policies:<br>LANGUAGE: EDUCATION: CULTURE, MASS MEDIA | MICR |

# ፕሮግራም
# <u>ቀዳማይ ዋዕላ ቋንቋታት ኤርትራ</u>

| ዓርቢ 16 ነሓሰ 96 | ሰዓት |
|---|---|
| **መኽፈቲ** | |
| መኽፈቲ ቃል | 8:30 - 8:45 |
| ቃል ፕረዚደንት | 8:50 - 9:05 |
| ምኽፋት ምርኢት | 9:10 - 9:40 |
| **<u>1. ታሪኻዊ ኣመዓባብላ ቋንቋታት ኤርትራ</u>** | |
| * ኢብራሂም ቶቲል (ኣቦ መንበር) | |
| <u>ሙሳ ኣሮን</u> – *ቋንቋታትን ስነ-ጽሑፍን ኣፋዊ ያታታትን ኤርትራ* | 9:45 - 10:05 |
| <u>ዓብደልቃድር ሳልሕ</u> – *The Historical Development of the East- Cushitic Languages in Eritrea* | 10:10- 10:30 |
| <u>ኣብርሃም በርሀ</u> – *ፖለቲካውን ፍልስፍናውን መዳያት ቋንቋ* | 10:35 -10:55 |
| <u>ሓው ሚኪኤል ወልደማርያም</u> – *ጽልዋ ቅድመ ሱመራዊ፡ ሴማዊ፡ ኩናመኛን፡ ዳግመ ግዕዚያንዊ ትግርኛን* | 11:00 -11:20 |
| <u>ኢድሪስ ሑመዳይ</u> –*ታሪኻዊ ኣመዓባብላ ቋንቋታት ኤርትራ* | 11:25 -11:45 |
| **ሕቶን ርእይቶን** | 11:50 -12:30 |
| **<u>2. ቋንቋታትን ባህልን ሕብረተሰብ</u>** | |
| * ዘምህረት ዮውሃንስ (ኣቦ መንበር) | |
| <u>ኣሊክሳንደር ናቲ</u> – *Linguistic Diversity* | 2:00 - 2:20 |
| <u>ክፍለማርያም ሓምደ</u> – *ተራ ቋንቋ ኣብ ሕብረተሰባዊ ምዕብልና* | 2:25 - 2:45 |
| <u>ኣባ ይስሃቅ ገብረኢየሱስ</u> – *ቋንቋታት፡ ስነ- ጽሑፍን ኣፋዊ ያታታትን ኤርትራ* | 2:50 - 3:10 |
| <u>ሃይለ ቢዘን</u> – *ግደ ኣፋዊ ያታታት ኣብቲ ዝነበረ ማሕበራዊ ሀይወት* | 3:15 - 3:35 |
| <u>ጽገረዳ ተኽለ</u> – *ናይ ትግርኛ ስነ-ቓል* | 3:40 - 4:00 |
| **ሕቶን ርእይቶን** | 4:05 - 4:35 |
| **ዕረፍቲ** | 4:35 - 4:55 |
| **<u>3. ልሳንያትን ስነ-ጽሑፍን ኤርትራ</u>** | |
| * ግርማይ ነጋሽ (ኣቦ መንበር) | |
| <u>ኪሮስ ፍረወልዲ</u> – *ልሳንያትን ቋንቋታት ኤርትራን* | 5:00 - 5:20 |
| <u>መኣዛ ሃይለ</u> – *ልሳንያት* | 5:25 - 5:45 |
| <u>ተስፋይ ተወልደ</u> – *ኣከፋፍላ ዓበይቲ ወገናት (ክፍልታት) ቃላት* | 5:50 - 6:10 |
| <u>ተኪኤ ተስፋይ</u> – *ሓጺር ርእይቶ ብዛዕባ ስርዓት ዝሓዘ ኣጸሓሕፋን ንግግርን ትግርኛ* | 6:15 - 6:20 |
| **ሕቶን ርእይቶን** | 6:25 - 6:45 |

| ቀዳም 17 ነሓሰ '96 | ሰዓት |
|---|---|
| **<u>4. መጽናዕቲ ስነ-ጽሑፍን ቋንቋታትን ኤርትራ</u>** | |
| * ኣለምሰገድ ተስፋይ (ኣቦ መንበር) | |
| <u>ግርማይ ነጋሽ</u> – *ስነ ጽሑፍ ትግርኛ ኣብ ኢድ ምዕራባውያን ናይ ስነ ጽሑፍ ተመራመርቲ* | 8:00 - 8:20 |
| <u>ስለሙን ጸሃየ</u> – *ሓድግታት ኣምሓርኛ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ* | 8:25 - 8:45 |
| <u>ፍቓዱ ገብረስላሴ</u> – *ምጽራይ ቋንቋ ትግርኛ* | 8:50 - 9:10 |
| **ሕቶን ርእይቶን** | 9:15 - 9:45 |
| **<u>5. ቋንቋታት ኤርትራን ትምህርትን</u>** | |
| * ዑስማን ሳልሕ (ኣቦ መንበር) | |
| <u>ተስፋሚካኤል ገራህቱ</u> – *ናይ ቋንቋ ፓሊስን ትምህርቲ ብቋንቋ ኣደን ኣብ ኤርትራ* | 9:50 - 10:10 |
| <u>የሱፍ ነበራይ</u> – *ዝምድና ቋንቋታትናን ትምህርትን* | 10:15 -10:35 |
| **ዕረፍቲ** | 10:35-10:55 |
| <u>መሓመድኑር ኣሕመድ</u> – *ቋንቋታትናን ትምህርትን* | 11:00-11:20 |
| <u>ዳንኤል ተኽለማርያም</u> – *ንጽጽራዊ መጽናዕቲ ብዛዕባ እንጥቀመሎም ዘሎና ፊደላት ላቲን* | 11:25-11:45 |
| **ሕቶን ርእይቶን** | 11:50-12:20 |

**6. ፖሊሲን ውጥንን ቋንቋታት ኤርትራ**

* ኣሌክሳንደር ናቲ (ኣቦ መንበር)

| | | |
|---|---|---|
| ኣሕመድ ድሕሊ | – ፍልስፍናውን ፖለቲካውን መዳያት ቋንቋታት | 2:00 - 2:20 |
| እድሪስ ዓባቕ | – *Languages and Education* | 2:25 - 2:45 ✓ |
| ምሕረት ኢዮብ | – ፖሊሲ ቋንቋ ኣብ ትሕተ ሳሃራ ሃገራት ኣፍሪቃ | 2:50 - 3:35 |
| ጨፈና ሃይለማርያም | – *Language Planning and Social Change* | 3:15 - 3:35 |
| | **ሕቶን ርእይቶን** | 3:40 - 4:10 |
| | **ዕረፍቲ** | 4:10 - 4:30 |

**7 ቋንቋታትን ማዕከናት ዜናን**

* ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ (ኣቦ መንበር)

| | | |
|---|---|---|
| ኣማንኤል ሳህለ | – ምዕሩይ ትግርኛ ንምምዕባል | 4:35 - 4:55 |
| ኣማይር ኣድሓና | – ትግረን ድምጺ ሓፋሽን | 5:00 - 5:20 |
| ጃብር ድርዕ | – ህግያ ኣሳስ ዓቦት ግመትራካብ ዎሮት መጅተመዕታ | 5:25 - 5:55 |
| ዑስማን ከጀራይ | – ቋንቋን ሃገራዊ ንቕሓትን | 6:00 - 6:20 |
| ሓቢብ መሓመድ | – ቋንቋታትን ማዕከናት ዜናን | 6:25 - 6:45 |
| | **ሕቶን ርእይቶን** | 6:50 - 7:20 |

| **ሰንበት 18 ነሓሰ '96** | **ሰዓት** |
|---|---|

**8 ኣገዳስነትን ኣመሰራርታን ማእከል ቋንቋታት**

* ኣሕመድ ድሕሊ (ኣቦ መንበር)

| | | |
|---|---|---|
| ግርማይ ነጋሽ – | | 8:00 - 8:20 |
| እድሪስ ዓባቕ– | | 8:25 - 8:45 |
| | **ሕቶን ርእይቶን** | 8:50 - 9:20 |

**9. ወርሻ I**

* ሙሳ ኣሮን (ኣቦ መንበር)

ክፍለማርያም ሓምዴ (ጸሓፊ)

| | | |
|---|---|---|
| ዓብዱልቓድር መሓመድ ጌታ | – ሴማዊ ቋንቋታትን ታሪኻዊ ዝምድናኡን | 9:25 - 9:45 |
| ይስሃቕ ዮሴፍ | – ታሪኻዊ ኣመዓባብላ ቋንቋ ትግርኛ | 9:50 - 10:10 |
| ሳልሕ ማሕሙድ | – ቋንቋ ትግረ ብፊደል ግዕዝ ምጽሓፍ ዘለዎ ብልጫታትን ድኽመታትን | 10:15 -10:35 |
| ዳውድ ኣደም | –ብልጫታትን ድኽመታትን ዚተተርጎመ መጻሕፍቲ ናራ | 10:40 -11:00 |
| ተስፋይ ባርያጋብር | – ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ካሪክሉም | 11:05 -11:25 |
| ዑቁባሚካኤል ሃብተማርያም | – ቋንቋታት፣ ስነ ጽሑፍን ኣፋዊ ያታታትን ኤርትራ | 11:30 -11:50 |

**10. ወርሻ II**

* ሰለሙን ጸሃየ (ኣቦ መንበር)

ተስፋሚካኤል ገራህቱ (ጸሓፊ)

| | | |
|---|---|---|
| 1. ጃብር ስዒድ | – ምምሃር ቋንቋ ዓረብ፡ ተመኩሮን ጸገማትን | 9:25 - 9:45 |
| 2. ዑስማን ሓማዶ | – ኣብ ምምሃር ቋንቋ ዓፋር ዜጋንፍ ጸገማት | 9:50 - 10:10 |
| 3. ንጉስ ወልዱ | – ኣብ ምምሃር ቋንቋ ትግረ ዜጋንፍ ጸገማት | 10:15 -10:35 |
| | **ዕረፍቲ** | 10:35 -11:00 |
| 4. ብርሃነ ዘርኣይ | – ምትእስሳር ግእዝን ትግርኛን | 11:05 -11:25 |
| 5. ቦክረጽዮን ዘርኣዮውሃንስ | – ታሪካዊ ኣበቃቕላ ምስ ኣእምሮተ ልሳናዊ ስርዓት ልሳነ ታህጋርያን | 11:30 -11:50 |

**11 መደምደምታን ለበዋታትን**

| | |
|---|---|
| ጸብጻብ ጸሓፍቲ ወርሻታት | 2:00 - 2:20 |
| ለበዋታት | 2:25 - 2:45 |
| መዕጸዊ | 2:50 - 3:10 |

**12. Reception** 8:00 - 12:00